# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.302 | ረቡዕ 19 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ተራ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምዕዋት ስውራ


ገጽ 4
ሓፈሻዊ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ኤርትራ


ገጽ 5
ባህላዊ ወርሻታትና፡ መግለጺ ኩርዓትና


ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ


ገጽ 11
ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ...



# ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ፡ ብ14ን 15ን ነሓሰ ኣብ ጠያን ኣዩመንን - ንኡስ ዞባ ኣረዕታ፡ ምስ ህዝቢ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ተጠቃምነት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዘትዩ።



ንፖለሲ ልምዓት መንግስቲ ኤርትራ ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕን ዝተማልአ ንምግባሩን ብብደረጃኡ ይስራሕ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ፡ ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ክብ ክብልን ብደረጃ ኮም ኣብ ዝሰላሰል ልምዓታዊ መደባት ተርኡ ክዓዝዝን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሃገመተኤን ንንጥፈታቶም ዝምልከት መብርሂ፡ ከምኡ'ውን ዝርአ ጉድለታት ንምፍታሕ ብዞባ ክውሰድ ዘለዎ ተበግሶታት መግለጺ ሂቦም።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጸገም መጓዓዝያን መራኸቢታትን ፍታሕ ክናደየሉ፡ ወጽኢት ተመሃሮ ንምሕያል ኣብ መንጎ ወለድን መማህራንን ዘሎ ርክብ ክድልድል፡ ከምኡ'ውን ሞያዊ ገስጋሳት ክሳብ ርሑቕ ገጠራት ክቕጸል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣረዕታ - ዓድታት ሓማርቲ፡ ኢግሮሊ፡ ፊረርን ኣዩማንን ዝተሃንጹን ዝተጸገኑን ትካላት ትምህርትን ጥዕናን፡ ከምኡ'ውን ሕጽረት ዝስተ ማይ ንምቅላል ኣብ ኣዩማን ዝተዋደደ ሓድሽ ፕሮጀክት ብምዕዛብ፡ ዘይተዛዘመ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዛዘም ተላቢዩ።

# ኣፍዓበት - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዕዉት ስራሕ ይስላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዕዉት ስራሕ ከምዝተዓመ፡ ኣብ ዝተገብረ መዛዘሚ ስነስርዓት ተገሊጹ።

ቢቲ 550 ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ዝቐጸለ ወፍሪ፡ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ዘተኮረ ንጥፈታት ከምዝተሰላሰለ፡ ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ኣፍዓበት መማህር እድሪስ ዑመር ሓቢሩ።

ወከል ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ጀማል እድሪስ ብወገኑ፡ 6 ኪሎሜተር ዛላታትን ክትርታትን ከምዝተሰርሐን 18 ኪሎሜተር ከምዝተጸገነ፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 10 ሽሕ ጉድጓዲ ከምዝተኳዕተን 4 ሽሕ ፈልስታት ከምዝተተኸላን ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጅብ ብወገኑ፡ ወፍሪ ንዘቃመምዎ ወጽኢታዊ ስራሕን ዝርኣዩዎ ዕቱብነትን ብምምጓስ፡ ኣብ ትምህርቶም ብሉጻት ክኾኑ ጸዊዖቶም ከሓይሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ወፍሪ ንተመሃሮ ኣነቓቓሒ መደባትን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ብፖሊስ ህግደፍ፡ ማሕበራት፡ ሕርሻን ጥዕናን ከምዝተኻየደ ወከል ኢሪና ሓቢሩ።

# ኣቑርደት - ብዛዕባ ካዳስተራዊ ምዝገባን ድሕነት ኣከባብን ኣስተምሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ረቡሓን ኣገዳስነትን ካዳስተራዊ ምዝገባን ድሕነት ኣከባብን ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ13 ነሓሰ ንወከልቲ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ወከልቲ ጀራዲንን ተዋሂቡ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ካዳስተር ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ሰመረ ሰኢለ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካዳስተራዊ ምዝገባ - ቀዋሚ ንብረት ኮነ ንግዳዊ ማሰናዓዊ ሕርሻ ዝውንኡ ሰባት ዋንነቶም ኣፍሊጦም ሕጋዊ ሰነዳት ዝሕዙሉ ኣገዳሲ ስርዓት ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ዘይምትግባር ሕጋዊ ሳዕቤናት ስለዘለዎ፡ ዜጋታት ብንቕሓት ክመዝገብዎ ኣተሓሳሲቡ።



ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ሃብቶም ገብረእግዚኣብሄር ብወገኑ፡ ደረጃ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣወጋግዳ ጉሓፍን ሜላታት ከቢድ ጸረትን ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ስለዘይበጽሐ፡ ኣብ መጻኢሕኡ ከቢ ንበኽለ ዘቃልዕ ተርእዮታት ከምዝረኣዩ ብምጥቃስ፡ ኣካላት መንግስቲ ብሓፈሻ ሕብረተሰብን ወስኒ ትካላትን ድማ ብፍላይ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብሩ ጸዊዑ።



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ድማ፡ እቲ ኣብ ካዳስተራዊ ምዝገባን ድሕነት ኣከባብን ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ኑዩም ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ኣብ ልዕሊ ኣከባቢ ክትግበሩ ዝጸንሑ ሃሰይቲ ልምድታትን ኣብ ምዝገባ ቀዋሚ ዋንነት ዝበረ ድኽመታትን ኣፍልጦን ዘመሓይሽ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ምስ ቀጻምነታቱ ከምዝሰርሓሉ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ኣስተምህሮ - ረቡሓን ኣገዳስነትን ካዳስተራዊ ምዝገባ ክየገዝበን ኣብ ድሕነት ኣከባቢ ክውሰዱ ብዘለዎ ዝዋሃበኦም ስጉምትታት እኹል ኣፍልጦ ክህልዎምን ከምዝሓገዞም ብምጥቃስ፡ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም።

ዜና

# ዓንሰባ - መንእሰያት ንጸጋታትን ዕድላትን ክምዝምዝዎ ጻውዒት ቀረቡ

መንእሰያት፡ ንሕብረተሰበን ሃገርን ዝዑብርዎ ኣበርክቶ ንኽየዕዝዘን ጽልዋኦም ንኽሰፍሕን፡ ኣብ ከባቢኦም ንዘርኩብ - ንኣፍራይነቶም ዘዐቢ ናይ ትምህርቲ፡ ስልጠናን ስራሕን ጸጋታትን ዕድላትን ብዝሓየኸ ክምዝምዙ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣዘኻኺሩ።

ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብ14 ነሓሰ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተገብረ ኣኼቡ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ፡ መንእሰያት - ሰላም፡ ልምዓትን ዕብየትን ዝሰረቶም ሓብራዊ ባህግታት ክምዝለውምም፡ ኣብ ኤርትራ ድማ ዝ. ከም ክብርን ሃገራዊ መንነትን ንምኽብኻስ ብቑጻሊ ከምዝሰርሑ ኣብሪሁ።

"ብዝዕባ መንእሰያት ምሕሳብ፡ ብዝዕባ መጻኢኻ ከም ሃገርን ህዝብን ምሕሳብዩ" ድሕሪ ምባል፡ መንእሰያት ወረስቲ ሕድሪ ስለዝኾኑ፡ መሪሕ ተራኦም ብዝበቕዓት ከተግብሩ ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽ ንዘተኻየደ ንጥፈታትን ጽልዋኡን ዝምልከት ሰፊሑ መግለጺ ቀሪቡ።






ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣቶብርሃን ገብራትን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ምሉእ ተስፋማርያምን ብወገኖም፡ መንእሰያት ብዐበኡ ተሳቲፎም ሃገራዊ ሹቶታት ንኽተግብሩ፣ ከምኡ'ውን ተረባሕቲ ናይ ኩሉ ዕድላትን ጸጋታትን ንክኾኑ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዝለዉ ገሊጾም። መንእሰያት ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ኣተሓሳሰቡ።

# ጋሽ-ባርካ - ክፍሊ ቱሪዝም ኣስተምህሮ ሂቡ





ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብክፍሊ ቱሪዝም ዝተወደበ - ኣብ ረብሓታት ናይ'ቲ ጸላትን ኣገዳስነት ምዕባይ ዘቤታዊ ቱሪዝምን ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ15 ነሓሰ ንተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ባረንቱ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ክፍሊ ሓላፊ ጨንፈር መጽናዕትን ምክትታል ጸጋታትን ኣቶ ስምረት ገብረመድህን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ጸላት ቱሪዝም ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይዓበየ፡ ካብ'ቲ ጸላት ክርከብ ዝግብኦ ረብሓታት ዛጊት ከምዘይተረኽበ ብምጥቃስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ዝበለሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣበርክቶ ናይ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ክዓቢ፣ ኣብ'ቲ ዞባ፡ ብዓይኒ ቱሪዝም ዝጥመት - ብርክት ዝበለ ስነ-ጥንታውን ታሪኻውን ሃይማኖታውን ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታታት፡ ህንጻታትን ኣሰራርትን ከምዝርከብ፣ ብዓበኡ እንተ ተጸኒዑን ተዓቂቡን ድማ ልዑል ቁጠባዊ ረብሓ ክርከቦ ከምዝኽእል ዝጠቐሰ ኣቶ ስምረት፡ ብክፍሊ ቱሪዝም ተበግሶታት ክወሰድ'ኳ እንተጸንሐ፡ ዛጊት እቲ ዝድለ ውጽኢት ከምዘይተረኽበ ገሊጹ።

ኣቶ ስምረት ኣብ መወዳእታ፡ ዘይተመዝመዘ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ኣጸኒዕካ ምዕቃብ ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ እጃሙ ከበርክትን ኣብ ምዕቃብ ታሪኻዊ ውርሻታት ብንቕሓት ክሳተፍን ተላብዩ።

# ጎኔ-ሻምብቆ - ንስድራ ስዉኣት ዝግበር ሓገዝ ይቕጽል ኣሎ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡሳን ዞባታት ጎኘን ሻምብቆን፡ ብሰራሕተኛታት መንግስትን ሰብ ጸጋን ንጸገማት ወገናት ብሓፈሻ ንስድራ ስውኣት ድማ ብፍላይ ዝዋበር ደገፍ፡ ብዝተወደበ መልክዕ ይቕጽል ከምዘሎ ተገሊጹ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጎኔ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሳልሕ ታልከ፡ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ወሃንቲ ንግዳዊ ትካላትን ካልኦት ውልቀ-ሰባትን ንዘውሰድ ዘሎ ተበግሶ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ካብ 2021 ጀሚሩ ብዝተወደበ መልክዕ ንስድራ ስውኣትን ካልኦት ጸገማት ወገናትን ንምሕጋዝ ተበግሶ ክውሰድ ምጅማሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዝተዋጽአ 79 ሽሕ ናቕፋ ን332 ስድራ ስውኣት ከምእተመቓርሐ ኣብሪሁ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ጥራይ ልዕሊ 170 ሽሕ ናቕፋ ካብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ወሃንቲ ትካላትን ገበርቲ ሰናይን ተዋጺኡ ንልዕሊ 300 ስድራቤታት ከምእተኸፋፈለ ዝሓበረ ኣቶ ሳልሕ፡ ጸገማት ስድራቤታትን ስድራ ስውኣትን ብዓይነትን ፕሮግራምን ምሕጋዝ ዜማኸታዊ ግዴታ ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለን ዝተወደበን መልክዑ ከምዝቕጽል ኣረጋጊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዝርከቡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 115 ሽሕ ናቕፋ ን323 ጸገማት ስድራ ስውኣት ከምእተዓደለ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሃይለ ተሾመ ሓቢሩ።

ተጸዋዒ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓንደመስቀል ገዛኢ ብወገኑ፡ እቲ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብስሩዕ ዝካየድ ናይ ምሕጋዝ መደብ ኮይኑ፡ ኣብ መነባብሮ ናይ'ተን ስድራቤታት ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።



# ተራ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምዕዋት ሰውራ

ስምረት ዮሃንስ
ቤት/ጽሕፈት ኣ/ሕጊ ባረንቱ

ታሪኽ ዓለም ምልስ ኢልና እንተ ፈቲሽና፡ ታሪኽ ሰውራታት ዓቢ ቦታ ሒዙ ይርከብ። ኩሎም ሰውራታት ሓደ ዓይነት መበገሲ ኣለዎም ማለት ግን ኣይኮነን። መበገሲ ሰውራ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገርን ካብ ግዜ ናብ ግዜን ይፈላለ እዩ። መንቀሊኡ፡ ቁጠባውን ማሕበራዊን ጸገማት፡ ፖለቲካዊ ጭቆና፡ ስእነት ፍትሒ፡ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ (ከም ዴሞክራሲ)፡ እተፈም ቀንዲ መበገሲ ሰውራታት ኮይኖም ንረኽቦም። ሰውራታት ልክዕ ከምቲ ሓደ ዓይነት መበገሲ ዘይብሎም ሓደ ዓይነት ውጽኢት እውን ኣየምጽኡን። ገለ ሰውራታት ዓቢ ዓወት ዕላማኦም ክዝርሙ እንከለው፡ ገለ ሰውራታት ድማ ቀልጢፎም ዝበርዓኑን ዘይተዓወቱን እዮም። ጠንቂ ፍሽለት ናይ ሓደ ሰውራ ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብቲ ብዙሕ ገለ ንምጥቃስ ግን፡ ድኽም መሪሕነት፡ ድሑር ወተሃደራዊ ዓቕሚ፡ ዘይንጹር ፖለቲካዊ ራኢ፡ ፍልልይ ስነ-ሓሳብ ወዘተ እዩ።

ሓደ ሰውራ ለውጢ ንምምጻእ እዩ ዝበጋገስ። እቲ ዝድለ ለውጢ ምስ ኩነት ናይ ሓደ ሕብረተሰብን ሃገርን ብምንጻር እቲ ቀንዲ መበገሲ ሰውራ ክፈላለ ይኽእል። ንኣብነት ሰውራ ፈረንሳ እንተ ርኢና፡ ነቲ ህዝቢ ብደርቢ ፈልዩ ዝነበረን ናይ ህዝቢ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ግምት ዘይሃበ ዝነበረን ንምስዓት ንምእላይን ኣብ ኩሎም ዜጋታት ማዕርነት ዝኣምን ስርዓት ንምትካልን ነይሩ። ብተመሳሳሊ፡ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ሰውራ እውን ነቲ ብናይ ዘርኣዊ-ፍልልይ (Apartheid) ዝመርሕ ዝነበረ መንግስትን ስርዓተ-ሕግን ኣሊኹ፡ ማዕርነት ዓሌታት ዝኣምንን ኣብ ኩሉ መዳይ ማዕረ ጸጋታትን ዕድላትን ዝሁብ መንግስቲ ምትካልን እዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ኩሎም ሰውራታት ኣተኩሮም መበገሲን ዕላማን ዝሓዙ ከምዝኾኑ ንርድእ። ገለ ሰውራ እንከዕወት ገለ ድማ እንክፈሽል ኣንታይ ኮን ይኸውን እቲ ምስጢር ኢልካ ክትሓስበን ክትሓትትን ንበር እዩ። ህዝቢ ዘማእከለ ሰውራታት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳ፡ ደቡብ ኣመሪካን ካልኦት ቦታታትን ተኻይዱን ብዙሕ ካብኡ ተዓዊቱን እዩ።

ህዝቢ ዘማእከለ ሰውራ፡ መብዝሕትኡ ካብ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ ዝበገስ። ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ብቐሊል ክግለጽ ዝኽእል ነገር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብዓብኡ ፍትሒ ዝብል ኣምር ወሱን ዝኾነ መግለጺ ስለዘይብሉ። ፍትሒ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብዘተፈላለየ መንገዲ ክግለጽ ይኽእል። ብሓፈሻዊ መግለጺ ግን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽሑፋትን ሕገ መንግስትን ምርኩስ ብምግባር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ማለት ንሰብ ብዓሌት፡ ብዘር፡ ጾታ፡ ማሕበራዊ ደረጃ ኣድልዎ ከይገበርካ ብማዕረ ተኻፈልቲ ጸጋታትን ዕድላትን ክትገብሮም ከለኻ እዩ። ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዘሎ ኣድልዎን ጭቆናን ኣሊኻ ፍትሕን ርትዕን ዘለዎ ሕብረተሰብ ምህናጽ እውን እዩ። ከም ሓጺር መግለጺ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ማዕርነት ዜጋታት (ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ትምህርቲ፡ ባህሊ፡ ጥዕና)፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰልን፡ ምርግጋጽ መሰል ርእሰ ውሳኔን ማለት እዩ። ሓፈሻዊ መረዳእታ ክህልወና፡ ነቲ ስነ ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር ዕወት ዝኾነ ሰውራ ዘዋፀዳ ሃገራት ንርአ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካብ 1948 ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሰልፊ ትመሓደር ዝነበረት ሃገር እያ። እዚ ሰልፊ'ዚ፡ ቡቶም ናይ ዳች ዘርኢ ዝነበሮም ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝተዓብለለ እዩ ነይሩ። እቲ ሰልፊ ቀዳማይ ዕላማኡ ንረብሓ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝጣበቐን ልዕልና ጸዓዱ ዘደንፍዕን እዩ። ንጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣብ ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ትምህርትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ቀዳምነት ዕድል ዝሁብ ስርዓተ ሕግን ፖሊሲታትን እዩ ሓንጺጹ። ስለዚ፡ ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣብ ገዛእ መሬቶም ከም ካልኣይ ዜጋ ተቖጺሮም ነበሩ። ናይ ምርጫ መሰሎም ተነፊጉዎም፤ ኣብ ፖለቲካ ምስታፍ ተኸልኪሎም፤ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝተሓተ ኮይኑ፡ ናይ ቁጠባ ዕድላት ዕጹው ነበረ። ዳርጋ ዝበዝሑ ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣብ ድኽነት ክነብሩ ተቐሲቦ። ናይዚ ግብረ መልሲ ድማ ብሃገራዊ ኣፍሪቃዊ ባይቶ (African National Congress) ዝምራሕ ሰውራ ኣብ 1960 ጀሚሩ። መበገሲ ናይዚ ሰውራ፡ ማዕርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ኮይኑ፡ ዝኾነ ዜጋ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ዓሌቱን ሕብሪ ቆርበቱን ብዘየገድስ ክመርጽን ክምረጽን መሰል ወይ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ክህልዎ፡ ናይ ቁጠባን ትምህርትን ዕድላት ክኽፈት፡ ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ማዕረ ዝኾነ ናይ ተጠቃምነት መሰልን ዕድል ክረክብ ዝብል እዩ። እዚ ሰውራ፡ ናይ ጸዓዱ ስርዓት ብጸለምቲ ንምትካእ ዘይኮነስ ናይ ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪቃ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ብምፍላይ፡ ብማዕረ ተጠቃሚ ጸጋታት ዝኾነ ሕብረተሰብ ንምምስራት እዩ ተበጊሱ። ድሕሪ ናይ ልዕሊ 30 ዓመት ቃልሲ፡ ሰውራ ሃገራዊ ባይቶ ኣፍሪቃ ተዓወተ። ዋላ'ኳ ገና ብዙሕ ካብቲ ዝተበገሰሉ ዕላማታት ክውቃዕ እንተዘይከኣለ፡ ጸለምቲ ዜጋታት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝሓሸ ዕድላት ተኸፊቱሎም ይርከብ።

ደሴት ኩባ ድሕሪ ናይ 3 ዘመን መግዛእቲ ስጳኛ፡ ኣብ 1898 ናጽነታ ክትረክብ ክኢላ፡ እንተኾነ፡ ክሳብ 1959፡ ፖለቲካኣን ቁጠባኣን ኣብ ትሕቲ ሕ.መ.ኣ እዩ ዝመሓደር ነይሩ። ብ1952 ዝመጸ ስርዓት ባቲስታ፡ ብፍላይ ብቁጠባዊ መዳይ ክረአ ከሎ፡ ኣብ መንጎ ሃብታምን ድኻን ዘሎ ፍልልይ ዝዓበየሉን ናይ ኩባ ናይ ቁጠባ ትካላት ብ ሕ.መ.ኣ ዝተባሕተሉን እዋን ኣሰዒቡ። ዳርጋ 70% ናይ ኩባ መሬት ብኻልኦት ዜጋታት ዝውሃን ዝነበረሉ ግዜ'ውን እዩ ነይሩ። እቲ ኣብ 1953 ዝጀመረ ሰውራ ኩባ፡ ኑቲ ብሓገዝ ሕ.መ.ኦ ዝመርሕ ዝነበረ ኮ/ል ባቲስታ ካብ ስልጣን ኣሊኹ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ውሕስነት ዘለዎ ሃገር ንምምስራት ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ብ1959 ዝመጸ ስርዓት ዴሰኡት፡ ኑቲ ብትካሉት ሕ.መ.ኦ ተሓዚኡ ዝነበረ ናይ ዕደና፡ ጋዝን ሽኮርን ፋብሪካታት ናብ ሃገራዊ ንብረት ብምቕያር ኣብ ማሕበራዊ ውሕስነት ዓቢ ወፍሪ ክገበር ጀሚሩ። ኣብ ትምህርቲ፡ ጥዕናን መንበሪ ኣባይቲን ዝተኻየደ ዓቢ ወፍሪ፡ ብፍላይ ኑዩም ድኻታትን ተገሊፆም ዝነበሩ ኣባላት ማሕበረሰብን ናይ'ታ ሃገር ዓቢ ኣፍረይቲ ክኾኑ ሓጊዙ።

ሕብረተሰብ ሓደ ካብቲ ቀሲኑ ክነብር ዘኽእሎ ነገር እንተሃልዩ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ምርካብ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ካብ ተጋደልትን ክፍሊ ህዝብን ወጺኡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መሬት ኤርትራ ሓራ ይኹን ኣይኹኑ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ይህብ ነይሩ። ኣብ ግዜኡም መጠረሶም ዘይፍለጡ ዝነበሩ ሕማማት፡ ኣብ ምልላይን ኣብ ምፍዋስን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ህዝቢ ብናይ ሰውራ ሓኪይም ተሓኪሙን ብናይ ሰውራ መድሃኒት ተፈዊሱን።



ለውጢ ኣምጺኡ። እቲ ብኻልኦት ዜጋታት ተወሪሱ ዝነበረ መሬት እውን ንሓረስቶት ናይ'ታ ሃገር ተዓደለ። በዚ ድማ ኣብ ቁጠባ ሚዛናዊ ዝኾነ ዓወታት ተመዝጊቡ። ሰውራ ኩባ፡ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቱ ማሕበራውን ቁጠባውን ውሕስነት ኣብ ምግንጻፍ ጥራይ ዘይተኣሰ፡ ሃገራዊ ዘቤታዊ ልኡላውነት ኣብ ምርግጋጽ ንኻልኦት ሃገራት እውን ኣብነታዊ ዝኾነ ሰውራ እዩ።

ስነ ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ እንክለዓል ንሰውራ ኤርትራ'ውን ከይጠቐስካ ክትሓልፍ ኣይከኣልን። ሓደ ካብቲ ናይ ኤርትራ ሰውራ ፍሉይ ዝገብሮ፡ እቲ ስነ-ሓሳብ ቅድሚ ናጽነት ኣትሒዙ ግብራዊ ክኸውን ስለዝጀመረ እዩ። ኣብ ቁጠባ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ባህሊ፡ ምዕሩይ ዕድላት ምፍጣር ገለ ካብቲ መግለጺ ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ። ኣብዚ ረቛሒታት ምርኩስ ብምግባር ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝዓበየ ቦታ ዝሓዘ ነበረ።

ኣብ ቁጠባዊ መዳይ እንተ መጺእና ህዝባዊ ግንባር፡ እኽሊን ዘይትን ንህዝቢ የመቓርሕ ነይሩ። እዚ፡ ኑቲ ብሰንኪ ውግእ፡ ጥምየትን ዋሕዲ መግቢን ኣጋጢሙዎ ዝነበረ ህዝቢ ተስፋን ፅንዓትን ኮይኑዎ እዩ። ካልኣይን ኣገዳስን ረቛሒ፡ ዕድላት ትምህርቲ ምስፋሕ እዩ። ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ሰብን ሕብረተሰብን እቲ ቀዳማይን ወሳንን መሳርሒ እዩ። ትምህርቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል እዩ ኢሉ ዝኣምን ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ወፍሪ ምጥፋእ መሃይምነት ዝበል መርሓ፡ ኣብ ደጀን ናይ ትምህርቲ ዕድላት ይፈጥር ነይሩ። ምምስራት ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲን ቤት ትምህርቲ ሰውራን መርኣያ ናይዚ እዩ። በዚ ድማ ሰፊሕ ዜጋታትን ተጋደልትን ንቕሓት ሰሪቖም

ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፡ ህ/ሓ/ሓ/ኤ ካብ 1974 ጀሚሩ ኣብ ሓራ መሬት ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣበጊሱ። ካብዚ ተበጊሱ ህዝቢ ፖለቲካዊ ንቕሓት ከሕድር ስለዝኸኣለ ንዕኡ ዝውክል ባይቶ ክምስርት ክኢሉ። ኣብ ባይቶ፡ ደቂ ኣንስትዮ እውን እኹል ወክልና ክህልወን መታን፡ መናብር ከም ዝሕዝኣለን ተገይሩ። ህዝቢ ናቱ ባይቶ ክምስርትን ዝደልዮ ሰብ ክመርጽን ክኢሉ።

ኣብ 1977 ናይ ህ/ሓ/ሓ/ኤ ፖሊሲ ናይ መሬትን ሲቪላዊ ሕጊን (ምዕሩይ ኣጠቓቕማ መሬት ኣብ ዝብል መትከልን ሕግን ዝተሰረተ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ 162 ዓድታት ካብ 1977-81 ዳግመ ምምቕራሕ መሬት ተገይሩ። እዚ ከኣ ኑቲ ብውሑዳት ሰባት ጥራይ ተታሒዙ ዝነበረ ሰፊሕ መሬት ሕርሻ ንሓረስቶት ብማዕረ ክጥቀሙሉ ኣኽኢሉ። ምውናን መሬት ሕርሻ፡ ብፍላይ ኑዩም ኣብ ትሑት መነባብሮ ማሕረሰን መጓሰን ዝነበሩ ዜጋታት፡ ተጠቀምትን ተረባሕትን ቁጠባዊ ዕድላት ክኾኑ ኣኽኢልዎም።

ባህሊ፡ ቀንዲ መለለዪ መንነት ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። ባህሉን ክብርታቱን ዘይፈልጥን ዘየኽብርን ሰብ ድማ ንመንነቱ ክኽብር ኣይክእልን እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ ዝግበር ዝነበረ ባህላዊ ንጥፈታት መርኣያ ምዕቃብ ሃገራዊ ባህልን ሄጸብራቕ ማዕርነትን ሓድነትን ኩለን ብሄራትና እዩ።

ኣብ ታሪኽ ተመሊስና ምስ እንርኢ፡ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት መሰል ደቂ ኣንስትዮ ተገሲሱ እዩ ነይሩ። ኣብ ሃገርና እውን ከምኡ'ዩ ነይሩ። ማዕርነትን መሰልን ደቂ ኣንስትዮ ዘኽብር ሕብረተሰብ ምሉእ ናጽነት ክረክብ ኣይክእልን ኣብ ዝብል መትከል ዝተሰረተ ሰውራ ኤርትራ ግን፡ ንጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ቦታ ብምሃብ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ 1979 መሰረቱ፡ ማዕረ ሓርነታዊ ቃልሲ ድማ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝነበረ ወጽዓ ኣብ ምቕያር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ብሳላ እቲ ዝተጎበረ ቃልሲ ድማ፡ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ጓል ኣንስተይቲ ካብ ወዲ ተባዕታይ ዘይትፍለ ኣገዳሲት ኣካል ሕብረተሰብ ምዃና ተረጋጊጹ።

ሰውራ ኤርትራ፡ ብመሰረቱ ንሃገር ካብ መግዛእቲ ናጻ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ ንሰብ እውን ካብ ድሑር ኣተሓሳስባ ሓራ ዘውጽእ'ዩ ነይሩ። ሰውራ ኤርትራ ናይ ህዝቢ ረብሓ ኣብ ግምት ዘየእቱ እንተዘይነብር ክዕወት'ውን ኣይምኸኣለን። ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ሰውራ ክዓዝዝ እንተኾይኑ፡ እቲ ሰውራ ንህዝቢ ዝሓልን ዘርብሕን ክኸውን ኣለዎ። ብመግዛእቲ ዝተፈላለየ ወጽዓ ገጢሙዎ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ኣብ ግዜ ሰውራ ኣብ ቁጠባ፡ ሕክምናን ትምህርትን ተኻፋሊ ጸጋ ኮይኑ። ምምስራት ህዝባዊ ባይቶታትን ማሕበራትን ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ቀጥታዊ ዝኾነ ናይ ምስታፍ መሰል ፈጢሩሉ። ሰውራ፡ ኑቲ ግዙእ ስርዓት ንምእላይ ጥራይ ዘይኮነስ ንዝነበረ ቁጠባውን ማሕበራዊን ጸገማት ንምፍታሕ እውን ደሰርሕ ከምዝነበረ ብግብሪ ምስ ረኣየ፡ ብወገኑ ምሉእ ደገፉ ክገብር ጀመረ። እምበኣር፡ ስነ ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ንናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዝደርኽ ሓይሊ ኣለዎ። ተሳትፎ ድማ ዕወት ሰውራ የምጽእ።

ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ንሰብ ምዕሩይ ማሕበራውን ቁጠባውን ውሕስነት ዘረጋግጽ ስነ-ሓሳብ እዩ። ከም ሰውራ ኤርትራ ዝኣመሰሉ ንመሰል ምዕሩይ ተጠቃምነት ዕድላት ኣብ ኩሉ መዳይ ንምርግጋጽ ብዝዓበ ዕላማ ዝተበገሰ ሰውራታት ኣማኢያኡ ዓወት ከምጽእ ክኢሉ እዩ። ካብ ሰውራ ወጺኢ እውን ኣብ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተሰረተ ሃገርን መንግስትን ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ከም ዘመዝግብ ክንስሕቶ ኣይግባእን።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:20 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:45 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:10 | ህርመት |
| 15:30 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሱዳናዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ 2ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ጸጋታት ባሕሪ

## ሓፈሻዊ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ኤርትራ

ሙሴ ኣለምሰገድ

ኤርትራ ኣብ ቀንዲ ኣፍሪቃ ንቑጽ መሬት ክሳብ 1350 ኪ.ሜ ዝርግሐ ገማግም ባሕሪ ዘለዋ ሃገር እያ። ኣስታት 364 ደሴታት ዝሓቖፈ ባሕሪ ኤርትራ፣ ሙብዝሕትኦም ኣብ ከባቢ ደሴት ዳህላክ ዝርከቡ ኮይኖም፡ ልዕሊ 1950 ኪ.ሜ ዝዘርጋሕ ተወሳኺ ገማግም ባሕሪ ይፈጥሩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ኣስታት 55,000 ትርብዒት ዝሸፍን ግዝኣታዊ ማያት ኤርትራ ዝሓቁፍ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ ክሳብ 120,000 ትርብዒት ኪ.ሜ ዝስፍሓቱ ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባ ዝሓቀፍ ባሕሪ እትውንን ሃገር እያ።

ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ኣስታት 1000 ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዓሳ ሓቝፉ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣስታት 250 ዓሌታት ካብኣቶም ብዓይኒ ቀጠባዊ እቶት ክርእ እንከሎ፡ ዕዙዝ ኣገዳስነት ዘለዎም እዮም። ዋላ'ኳ ናይ ቀረባ እዋናት ሓበሬታ ድኑት እንተኾነ፡ ኣብ 1950ታትን 1990ታትን ብዝተገብረ መጽናዕትታት መሰረት፡ ጸጋታት ሃብቲ ዓሳ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ፡ ዝለዓለ እቶት ዓሳን ካልኦት ዓሌታትን ካብ ዝተሓተ 44,500 ቶን ክሳብ 80,000 ቶን ንዓመት ክግፈፍ ከም ዝኽእል ይሕብር። የግዳስ ዝ ገምጋማዊ ወጽኢት ንምርካብ ዝተጠቐምሉ ኣገባብ መጽናዕቲ እኹል ዘይምኻኑን ንኹሉ ዘጠቓልልን ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዝተገብረ መጽናዕቲ ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ምግፋፍ ዓሳ ዝተፈላለየ ናውቲ ብምጥቃም፡ ዓሳ ካብ ባሕርታት፣ ወቕያኖሳት፣ ዲጋታትን ወሓይዝትን ብምግፋፍ ዝፍጸም ንጥፈት እዩ። ዝ ንጥፈት ብምኽያድ ወይ በዚ ንጥፈት መተኣብሮኡ ዝመርሕ ውልቀ ሰብ ይኹን ሕብረተሰብ ብእኩብ ገፋፊ ዓሳ ወይ ገፈፍቲ ዓሳ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ከም ሕብረተሰብ ይኹን ውልቀሰብ ድማ ዕለታዊ ንጥፈታቱን መተኣብሮኡን ኣብዚ ንጥፈት'ዚ ዝተመርኮሰ እዩ።

ጽላት ምግፋፍ ዓሳ ኤርትራ ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ጽላታት ማለት፣ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳ፣ ሓውሲ ኢንዱስትርያዊ ምግፋፍ ዓሳን ብዓይነቱን መፍረይዝድን ዝኸና መራኽብ ዝጠበር ምስርሕ ኢንዱስትርያዊ ምግፋፍ ዓሳን የጠቓልል። "ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ" ክብሃሉ እንከለዉ፡ ክልተ ዓይነት ጀላቡ ማለት ናይ ዕንጨይቲ ከምኡ እውን ገለ ውሑዳት ብፋይበር ዝተሰርሓ 'ሁሪን ሳምቡቕን' ዝተባህላ ጀላቡ ብምጥቃም መስርሕ ምግፋፍ የካይዱ።

እዚን ሓውሲ ኢንዱስትርያውያን ዝተባህላ ጀላቡ (Vasco) ብወገን ብትካል ምግፋፍ ዓሳ በይሉል ዝውና ናይ 11ን 18ን ሜትሮ ዝቑመተን እየን። ኢንዱስትርያዊ ምግፋፍ ዓሳ ከኣ ብናይ ውሽጢ ሃገርን ብናይ ደገ መራኽብን ዝፍጸም መስርሕ ምግፋፍ እዩ።

ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ናይ ኤርትራ ትሮፒካላዊ ባህሪ ዘለዎ ኮይኑ፡ ዝተፈላለዩ ኣገባብ ኣጋፍፋ ዓሳ ይጥቀሙ። ገፈፍቲ ዓሳ ኤርትራ ብመሰረት ዝጥቀምዎ ቴክኖሎጅን ብዝውንንወን ጀላቡን ዝጠዝሑ ምስ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ዝምደቡ'ኳ እንተኾኑ፣ ልምዳውያን፣ ሓውሲ-ኢንዱስትራውያንን ኢንዱስትራውያንን ተባሂሎም ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ።

ልምዳውያን ጀላቡ ገፈፍቲ ዓሳ ምስ ሓውሲ-ኢንዱስትራውያንን ኢንዱስትራውያንን ጀላቡ ክውዳደራ እንከለዋ፡ ብንኡስ ዓቕምን ውሑድ ገዝሮም ወፍሪን ዝሰርሓ እየን። ነርቲ ገማግም ባሕርና ዝጠዝሑ ሞተረ ዘለወን ጃላቡ ዝውንኑ ብውሑድ ቁጽሪ ከኣ ኢጋር ገፈፍቲ ዓሳ ኮይኖም ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ተባሂሎም ይጽውዑ። ሓውሲ ኢንዱስትራውያን ዝበሃል ንጥፈት ስርሓት ዓሳ ከኣ ብዝጥቀምሉ ኣገባብ መግፈፍን ዝጥቀምዎ ቴክኖሎጅን ካብ ልምዳዊ ምግፋፍ ዓሳ ዝማዕበለ ካብ ኢንዱስትራዊ ምግፋፍ ዓሳ ድማ ትሕት ዝበለ እዩ። ኢንዱስትራዊ ስርሓት ምግፋፍ ዓሳ ክበሃል እንከሎ ከኣ ብዝማጥቀ ቴክኖሎጂ፡ ዓቕምን ዓቐንን ጃላቡን ዓይነት ኣጋፍፋን ዝማዕበለ ኮይኑ ኣዝዩን መፍረይዝድ ብዘኸና ጃላቡ ዝፍጸድ ኩይኑ፡ ወጽኢታውን ኣኽሳብን ንኡስ ጽላት ስርሓት ዓሳ ምዃኑ ይግለጽ።

ዝለዓለ መጠን እቶት ጸጋታት ሃብቲ ዓሳ ምፍላጥ፡ ኣብ ምምዕባል ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ሓንቲ ሃገር ዓቢ ተራ ይጻወት። ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዳርጋ 59% ካብቲ ጠቕላላ ድምር ገምጋማዊ እቶት፡ ደቀቕቲ ዓሳታት ወዚፍ፡ ባቓን በለምን እየም። ዝ ተኾቲሉ ኣብ ባይታ ባሕሪ ዝነብሩ ጸጋታት ዓሳ ከም ሊዛርድ ዓሳ፣ ትሬድ-ፊን ከምኡ'ውን ኣብ ዕምባባታት ባሕሪ ዝነብሩ ዓሳታት ከም ሻዕፈን ቸርንያን ሽዑርን ብዝለዓለ ገምጋም 23,000.00 ቶን ዓመታዊ ክሕፈስ ይኽእል። ዓበይቲ ዓሌታት ዓሳ ኮይኖም ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ባሕሪ ዝነብሩ ከም ዴሪክ፣ ዓጋም፣ ቱናን በያድን ናይ ቀረባ ወጽኢት ገምጋም ዝልዓለ እቶታውነት ብዝተዛማዲ ውሑዳት ማለት 5,000.00 ቶን ንዓመት ክግፈፉ ዝኽእሉ ኮይኖም ንረኽቦም። ናይ ድርዓውያን ዓሳታት (shrimp, lobster) ገምጋም ዝልዓለ መጠን እቶት ምስ እንምልከት፡ ጋምበሪ 500.00 ቶን፡ ሎብስተር 1000.00 ቶን እዩ። ዓሌታት ሻርክ ወይ ፐሾክ ዝልዓለ መጠን እቶት ካብ 2,000.00 ክሳብ 5,000.00 ቶን ይበጽሕ።

ኣብ 1998 ብዝተገብረ ቀጠባዊ መጽናዕቲ፣ ኤርትራ ካብ ጸጋታት ባሕሪ ዓመታዊ ክርከብ ዝኽእል እቶት ብገምጋም ኣስታት 545 ሚልዮን ናቕፋ ይበጽሕ። እዚ እቶት ዝቤታዊ እቶትን ንሰይድ ዝሸየጡን ክንፊ ሻርክ፡ ሕድሪ፣ ጸፍሪ ናይ ጌጽ-ጌጽ ዓሳታት፡ ... ዘጠቓልል እዩ።

ካብ 1950-1960ታት ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ ስርሓት ዓሳ ኣብ ቀጠባ ሃገር ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብዚ ጽላት ንኣስታት 23,000.00 ገፈፍቲ ዓሳ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢሩ ምንባሩን ኣብ 1954 ዓመታዊ ምህርቲ ዓሳ ክሳብ 25,000.00 ቶን ምህርቲ ዓሳ ይሕፈስ ምንባሩን፡ እዚ ድማ ካብኣቶም ልዕሊ 80% ዓሌታት ደቀቕቲ ጸፍሓውያን ዓሳታት ኮይኖም፡ ገለ ምህርቲ ናብ መግቢ እንስሳ ተመስሪሖም ዝተረፈ ድማ ብጸሓይ ብምንቃጽ ንሰይድ ናብ ርሑቕ ምብራቕን ኤውሮጳን ይሸየጡ ከም ዝነበሩን ክሳብ ሽዱሽተ ዝበጽሓ መግቢ እንስሳ ዘመስርሓ ንጡፋት ትካላት ምንባረንን መዛግብቲ ይሕብሩ።

እንተኾነ ካብ 1972 ጀሚሩ ምስ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ግዝኣት ስርዓታትን ተኸታተልቲ ተጻብኦታትን፣ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ እናንቆልቆለ ምኻዱ ይሕብር። ኣብቲ እዋን ዓመታዊ ናብ ወደብ መራገፊ ዓሳ ኣስታት 4,000.00 ቶን ጥራይ ይበጽሕ ምንባሩ ይጥቀስ። ኣብቲ እዋን'ቲ ምጉዳል ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ዘኸተሎ፡ ዝጠዝሑ ተመስሪቶም ዝነበሩ ትሕተ ቅርጻን መስርሒታት ምግፋፍ ዓሳን ዓንዮም። ኣብዚ ጽላት ዝተጠፍኡ ዝነበሩ ዜጋታት ካብዚ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ተኣልዮም ናብ ካልእ ስርሓት ክዋፈሩ እንከለዉ፡ ዝተረፉ ከኣ ናብ ሰውራን ስደትን ኣምሪሖም፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ንጥፈታት ግፋ ዓሳ ኤርትራ ተዳኺሙ።

ካብ 1980 ክሳዕ 1990 ዝነበረ እዋናት ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ብሰንኪ ኩናት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ብኸቢድ ተሃስዩ ብምዕናዉ፡ ዳርጋ ናብ ዜሮ ደረጃ ወሪዱ ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዝነበረ ብዙሓ ዓቕሚ ሰብ ካብ ስፍርኡ ተመዛቢሉ፡ ዝነበረ መሰረታዊ ኣገልግሎትን ቀረብትን ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣገልግሎቱ ከቋርጽ ተገዲዱ። ሽሕ'ኳ ኣብ ንጥፈታት ግፋ ዓሳ ዝወረደ ሃሲያ ዝኢፍ እንተ ነበረ መጠን ክዙን ደንበ ዓሳ ካብ ጸቕጢ ቀጻሊ ግፋ ናጻ ኮይኑ ብምንባሩ ክጎድል ኣይከኣለን። ምንጪ እቶታውነት ናይቲ ሕብረተሰብ ክጎድል'ኳ እንተ ዘይከኣለ፡ ዝነበረ ትሕተ ቅርጺ፡ ዓቕሚ ሰብን ቴክኖሎጂን ግን በቲ ዝነበረ ተደራራቢ ኩናት ብኸቢድ ተጸልዩ ክበሃል ይከኣል።

ብሓፈሻ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ግዝኣት ስርዓታት ልዕሊ 60 ዓመታት ዝወሰደ ኮይኑ፡ እቲ 30 ዓመታት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ 1991 ናጽነት ድሕሪ ምጉንጻፉ፡ ዓቕሚ ምፍራይ ጽላት ሃብቲ ዓሳ ብኹሉ መዳይ ክበብ ንምግባል ተበግሶታት ተወሲዱ። ንኣብነት ኣብ 1992 መንግስቲ ኣብ ምምዕባልን ምሕደራን ጽላት ስርሓት ዓሳ ዝተጠፍ ሓደ ክፍሊ መስሪቱ። ድሒሩ ኣብ 1994 ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ተሰጋጊሩ። ኣብ 1993 እውን ምስ ውድብ መግቢን ሕርሻን ብምውህሃድ፡ መንግስቲ ኣብ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይዚ ጽላትን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ስትራተጂካዊ ውጥናቱን ዳግመ ምትዕርራይ ንኽገበር ዓቢ መደብ ኣውጺኡ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ መስከረም 1993 ሓደ ሰነድ ተዳልዩ። እዚ ሰነድ ህሉው ኩነታት ጸጋታት ባሕሪ ኤርትራ ብምግምጋም፡ ቀጻልነቱ ዘውሓሰ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ባሕሪ ንምርግጋጽ ሓደ ስትራተጂ ተነዲፉ። ብተወሳኺ፡ ተራ ጸጋታት ባሕሪ ኣብ ሃገራዊ ቀጠባዊ እቶት፡ ምምሕያሽ መነባብሮ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዝነብር ሕብረተሰብን ኣብ መጻኢ ክወስዶ ዘለዎም ስጉምትታትን፡ ኣብቲ ናይ 1994 ማክሮ ፖሊሲ ብንጹር ኣሰፊሮም ይርከቡ።

ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ዝዳሎ ዝነበረ ፖሊሲታት፡ መንግስቲ ኤርትራ መደባት ስራሕ ኣብ ምውዳእን ትካላዊ ኣሰራርሓ ኣብ ምትእትታውን ዓቢ ኣተኩሮ ሂቡ ንጽላት ሃብቲ ባሕሪ ንምምዕባል ኣብ መስርሕ ግፋ ዓሳ፣ ኣብ ምሕያል ንዋትን ዓቕምን ገፈፍቲ ዓሳ፣ ምውዳድ ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጺ ጽላት ሃብቲ ባሕሪ፣ ወደባት መራገፊ ዓሳ፣ መዐሸጊ ጃላቡ፡ ትካላት መመስርሒ ዓሳ፣ ዕረያ ጃላቡ፡ መሳልጠኒ ማእከላት፡ ዱካናት መሸጢ ዓሳን ካልእ ዝተፈላለዩ መደባት ልምዓት ጽላት ሃብቲ ባሕሪን ኣብ ምሕያል ልዑል ተኽእሎታት ዘለዎም፡ ብውሽጣዊ ዓቕምን ሽርክነትን ዝተታሕዙ ወፍርታት ንምትግባር ከም ቀዳምነት ብምሓዝ ይሰርሓሉ ኣሎ።



ልምዳውያን ጃላቡ ገፈፍቲ ዓሳ



ኢንዱስትራውያን ጃላቡ ገፈፍቲ ዓሳ



ሓውሲ ኢንዱስትርያዊት ጃልባ ገፋፊት ዓሳ

ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ለተብርሃን ተሰፋይ ክፍሉ፡ ኣዴና ሂወት ተኽለ እምነቱ ስለዝዓረፈት፡ 5 ህሉዋት 1 ስዉእ ተኽለኣብ ዓንደብርሃን ተተካእቲ ደቁ፡ ነፍ/ሄሪት ኣብርሀት ዓንደብሃን ተተካእቲ ደቃ፡ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣመልካቲ ኣቶ ህያብ ዑመር ጀምዑ ካብ ተጸዋዒ ኣቶ ዳንኤል ተወልደ ቤተው፡ ብዕለት 14-04-2023 ዝዓደግኩዎ መኪና ቁ. ሰሌዳ ER-3-B-1546 ቁጽሪ ቻሲ. 353102147 5002 ዝኾነት፡ ስም ምትሕልላፍ ከይገበርኩ ደሃይ ተጸዋዒ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ስም ምትሕልላፍ ይተግበረለይ ዝብል ምልክታ ስለ ዘቕረበ፡ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

በሺት ተስፋሚካኤል መዲን ምግል ተረፉ፡ በሺት መ/ድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሙትወከል ያቆብ ኣብርሃ ምግል ተረፉ፡ ሚካኤል ያቆብ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ንሕና ኣቶ ኣማኑኤል ግደ ኣስፍሃን ወ/ሮ ሰለማዊት ሓድሽ ፍቓዱ፡ ኑቲ ኣብ 4 ኣስመራ ፕሎት 1ሌ 131 ፓርሰል 183 ዝርከብ መንበሪ ገዛና ብቁጽሪ ውዕል ፓብሊክ ኖታሪ 7410 ብዕለት 16/08/2022 ብስምና ዝተመዝገበ ክፋሉ ማለት፡ ኣብ ኣስታት 92 ት/ሜትር ዝተደኮነ 4+2 ክፍልታት ዘለዎ፡ ናብ ወ/ሮ ብርሃና ተኽለብርሃን ገ/ሂወት ስለ ዝሸጥናዮ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝኣዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ወይ ድማ ናብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ኣማኑኤል ግደ ኣስፍሃ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 137-48 ቁ.ገዛ 28 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00038808 ናይ ደኳን ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃም ባይረ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 137-48 ቁ.ገዛ 28 ብዕለት 01/12/2025 ቁ.መዝ 285/2025 ስለዘሎብኩዋ፡ ብስም ወዘቢ ዝኾፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰለስ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ህያብ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡

ኣለም ነጋሽ መኮንን

---

ንሕና ወሃብቶ ተቐበልቲ 1. ኣቶ ሰለሙን ኢተባርኽ ካሕሳይ 2. ኣቶ ተስፋዝጊ ኢተባርኽ ካሕሳይ ዝተባሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዲዞ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ዝርከብ ሰፋሓት መሬቱ 375 ት/ሜተር ዝኾነ 4 ክፍሊ መደቀሲን ሓደ ሽቓቕን ዘጠቓለለ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ወላዲና ኣቶ ኢተባርኽ ካሕሳይ ዳምር፡ ብጽሒቱ ኣመልኪቱ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ዕለት 12/02/26 ብቁ/መዝ/61/2026 ቀሪቡ ብውህብቶ ስለ ዝሃበና፡ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝመደብና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝኣዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋዝጊ ኢተባርኽ +1


---

ብስም ንጉሰ ገብረሚካኤል ጺጋይ፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ጻዕዳ ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 000441 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 009478 ፕሎት 93 ፓርሰል E ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07622268 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ንጉሰ ገብረሚካኤል

---

ምስጋና




ብዕረፍቲ ክቡር ብዓልቤተይ ፕሮፌሰር ዶ/ር የማን ሰዩም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጊዜ ሕማሙ ዘጸናሕኩም፡ ኣብ ጸሎትኩም ዘዘከርኩሞን ምስ ዓረፈ ድማ ክሳብ ሓላይ ን/ዞባ ሰሓይቲ ብምኻድ ፍሉይ መደብ ጸሎት ፍትሓትን ቅዳሴን ብምስራዕ ዘቃበርኩምና ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ፓትርያርክ ዘሃገረ ኤርትራ ምስ ምሉኣት መሳርሕትኹም ወሉድ ክህነትን ህዝበን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዐጸና ክንሕብር ንፈቱ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ምሕረት የማን
ምስ ደቃናን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ብዓልቤተይ መም/ ጸጋዮ ቀለታ ሓድጉ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓድኹም ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዐጸና ንሕብር፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዘውዲ መሓሪ
ምስ ደቃምን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

---

ምስጋና



ብምኽንያት ኣዝዩ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ክቡር ብዓል ቤተይ ሰዓረ ኣብርሃም (ክብሮም) ካብ ግዜ ሕማሙ ክሳብ ዕረፍቱ ካብ ጎንና ከይተፈለኹም ሬሳ ናብ ኤርትራ ኣብ ምምጻእን ዝተሓባበርኩምና ነርቲ እንድያና ኣመራጋ ከጠኡን ከምኡ'ውን ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ቀብሪ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ብቴሌፎንን ብኣካል ኣብ ገዛ እናተመላለስኩምን ዘጸናናዕኩምና ፈተውትን መቕርብን ቤተሰብን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንጸሑ ኣለና፡፡

ብዓልቲ ቤቱ መኣዛ ክፍላይ
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣነ ሚካኤል ገብረየውሃንስ ሓጎስ፡ ኣብ ናቕፋ ኮርፖረሽን (NAKFA CORPORATION) ብስም ሓፍትና ነፍ/ሄር ወ/ሮ ምብራቕ ገብረየውሃንስ ሓጎስ፡ ብቁጽሪ ሰርቲፊኬት 1127 ተመዝጊቡ ዝፍለጥ ካርድ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዘኾነ ምኽንያት ሒዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ኣብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑ ተሌፎን 07936179 ወይ 07149462 ደዊሉ ክሕብረና ኣላትት፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን ናይዚ ጠፊኡ ዘሎ ሰርቲፊኬት ቅዳሕ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር፡፡

ወረስቲ ነፍ/ት ወ/ሮ ምብራቕ ገብረየውሃንስ
ሚካኤል ገብረየውሃንስ

---

**Notice**


Notice is hereby given that pursuant decision of High Court Zoba Debub Dekemhare rendered on 25/07/2008 under file no. 23/2017 Tirhasena Farm PLC is dissolved as per request of the shareholders conducting all liquidation procedure.

Tirhasena Farm PLC

---


# ዘሕጉስ ብስራት ነንበብቲ መጽሓፍ ትግርኛ

## ከመይ ጌርና ወነንቲ ምሉእ ጥዕና ንኸውን





እትብል ኣገዳሲት መጽሓፍ ኣብ ቤት መጽሓፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ

### እዛ ኣገዳሲት መጽሓፍ

.ዓይነታት ሕማም ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝላዓለ፡ ብዝርዝር ከመይ ኢሎም ይመጹ፡ ብኸመይ ንከላኸሎም፡ እንተ ሓሚምና'ኸ እንታይ ክንገብር ኣለና ትምህረና።

### ህይወት ልዕሊ ኩሉ እያ እሞ፡

ህይወትኩምን ህይወት ስድራኹምን ንምዕቃብ ነዛ ኣገዳሲት መጽሓፍ ብዝተኻእለ መጠን ገዚእኩም ኣንብቡዋ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## State of Eritrea
## Ministry of Agriculture
## Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).
2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 27 April 2026, and national newspapers Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 13 May, 2026.
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision Supply, installation and commission of potato seed cold storage facility at adi-keih. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, the bidders should return the filled form through a reply email and the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.
6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.
7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.
8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, **06 October 2026**. Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD) Lidia Russom (Senior Procurement officer) Sawa Street, Asmara, Eritrea Lidyarusomlidu1221@gmail.com Tel Number: 00291181076/00291189266 Fax Number: 1048 Block Number: 6 Room Number: 8 Asmara, Eritrea
9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing declaration.
10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,
Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (IADP Project Senior Procurement officer)
Sawa Street,Asmara,Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266 Fax Number: 1048 Asmara, Eritrea

---

ብስም ሰራት ተስፋሚካኤል ተወልደ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋረን KELooo12543 ዝሽሑ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ስልማት መሐይን ትካለይ፡ ንኣቶ/ወሮ ኣለም ተኸለይ ጠዓሙ ኣድራሻ ከረን ኣካርያ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሰራት ተስፋሚካኤል ተወልደ

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣቦሻውል ፕሎት 56 BIs ክፋል ፓርሰል E-1 ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ. መዝገብ 56273/93873 ብስም ነፍ/ መልኣከጸየግ ከመሓሳሳፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ከመሓሳልፍ ምዃንና ነረጋግጽ።

ኣርያም መልኣከጸየግ ዑቕቡ
ወከል ደቡሳይ ካሕሳይ በርሀ

---

ኣመልካቲት ሰሊያና ጊላይ ተኽለኣብ +4 ዝኾንና፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 11 ፓርሰል ኤፍ ASP 00021972 ዚፕ 1A112 ስፍሓት መሬት 235 ት/ሜ ዝተደኮ፡ ብዘሓ. ክፍሊ. ቀንዲ 6 ተሓጋጋዚ. 3 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM02202 ብስም ነ/ሄር ከፈላ ወልደርፋኤል ዝተመዝገበ ብውርሽን ምቅሊትን ዝበጽሓና፡ ነቲ ብጽሒትና ዝምልከት ከመሓሳልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተብሃለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሰሊያና ጊላይ

---

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ንክልተ (2) ዓመት ንቤት ጽሕፈት ዘገልግሉ ዘለዋ ፕሪንተራት (printers) ፎቶ ኮፒየራት (Photo copiers) ኮምፕዩተር (Computers) ላይን ፕሪንተር (Line printers) ስቴፕለዘር፡ ሰተዘርን ፋክስን፡ ዝጽግኑ ኣውዳዲሩ ኮማርት ስለ ዝደለዩ፣ ንጨረታ ይዕድመኩም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1. ጨረታ ንኸሉም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ።
2. ተወዳደርታይ ትካል ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ 2024 ዘለዎ ኮይኑ ክሳብ 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈለ ክሊራንስ (clearance) መበቆላዊ (Orginal) ሰነዳትን ቅድሓትን የቕርብ። እቲ ቅዳሕ ምስ መበቆላዊ ሰነዳት ተመሳኪሩ፡ መበቆላዊ ሰነድ ንተወዳደርታይ ይምለስ።
3. ጨረታ፣ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ መበል 16 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዝህሉ፡ ንተወዳደርቲ ብተሌፎን ክሕበር ምዃኑ ንሕብር።
4. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 200.00 ናቕፋ ይኸፍሉ።
5. ተወዳደርታይ ትካል ፋይናንሳዊ ኩነታት፡ ዓቕሚ ሰብን ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ብቕዓትን፡ ሕሉፍ ናይ ታሪኽ ስራሕ፡ ስራሕ ኣብ እዋኑ ናይ ምትግባር ተኽእሎን ካልእን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰነዳት የቕርብ።
6. ዕዉት ተወዳደርታይ ትካል፡ ንጽፉፍ ኣተገባብራ ናይ'ቲ ውዕል ማለት ኣብ መሰረሕ ምሃብ ኣገልግሎት ዝሕግዞም ጸገም (performance Guaranty) ብቸክ ወይ ከኣ CPO 20,000 ናቕፋ ትሕጃ የቕርብ።
7.. ተወሳኺ መምርሕን ዝርዝራዊ ሓበሬታn ምስ ዝደሊ; ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይንናስ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
8. ሚኒስትሪ ፋይንናስን ሃገራዊ ልምዓትን፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን
ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን
Tel 111890-125211-00238
ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ኣስመራ ኤርትራ

---

ኣነ የናታን ገብረንጉስ፡ ብስም ወረስቲ ኣቶ ገብረንጉስ መሓረዝጊ ወልዱ ወ/ሮ ለተንጉስ ተ/መድህን መዘንግዕ ምስ 7 ደቆም 1. ኣይዳ 2. የሴፍ 3. ሩታ 4. ዳኒኤል 5. በኒያም 6. የናታን 7. ተማስገን ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ዋንነት፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 105893 መወከሲ ቁጽሪ 10411 ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም 09 ጎደና ለ ዝፍለጥ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴለፎን 181797/07646314 ክሕበረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ የናታን ገብረንጉስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሰስቲ ወረ/ፍ መብራት ዓንደማርያም ቀላቲ 1. ከ/ል ከበደ ዓንደማርያም ቀላቲ 2. ሓደሽ ዓንደማርያም ቀላቲ ወኪል ከ/ል ከበደ ዓንደማርያም ቀላቲ ተኸሰስቲ 1. ከርስ ኣስመላሽ 2. ንግስቲ ኣስመላሽ 3. ርሻን ኣስመላሽ 4. ኣበ ኣስመላሽ 5. ዓወት ኣስመላሽ 6. ሳምራዊት ኣስመላሽ 7. ኤለም ኣስመላሽ 8. የውሃንስ ኣስመላሽ 9. ሉተእዝጊ ተኽለሚካኤል 10. ኢትዮጵያ ዘርኣይ 11. ንግስቲ ዘርኣይ 12. ምሕረት ዘርኣይ 13. ናጽነት ፍስሃጽ 14. ኤፍሬም ፍስሃጽ 15. ብርሃ ፍስሃጽ 16. መድሃኔ ፍስሃጽ 17. ሃይለ ፍስሃጽ 18. የናስ ካሕሳይ 19. የዲት ካሕሳይ 20. ኣስመረት ተስፋማርያም 21. ከሰተ ተስፋማርያም ፍስሃጽ 22. ትርሓስ ተስፋማርያም 23. ፍረወይኒ ተስፋማርያም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን07/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ. 33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንሕርብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተወልደ ተኽለ ወልዳይ ተኽለ ገብረሂወት ዓንደገርግሽ ንግስቲ ተኽለ ሮቡረጼን ስለዝዋረፉ፣ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ዓብደልቀኒ ሳልሕ ሑሴን፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ኣቶ ሑሴን ሮሞዳን በያኑ፡ ናይ ናይ ውዕል መሸጣ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሽኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንሕርብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዘርኣይ በርሀ ምግል ተሪፉ ዘርኣብሩኽ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሴ ተወልደ ብርሃ፡ ኣደይ ጸገ ሃብተማርያም ድረር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲኣ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሸሻይ ተስፋማርያም ሸኪር ብዓል ቤተይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂና ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣቶ መብራሂቱ መንግስትኣብ የሃንስ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ከባ. ኣቦሻውል ዚ.ፕ ኮድ 1A132 ጎደና – ቁ/ገዛ 58 ዝርከብ፡ ማለለይ ገዛ ASD00022988 ቁጽሪ ፓርሰል ASPooo25507 ከባ. ዚ.ፕ ኮድ 1A132 ኣድራሻ ካርታ 1A132/GHAD/747 ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ብዕለት 22/07/2026 ኣብ ቅድሚ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 9228/26 ብስም ሸዋጥቲ መሴ ሓደራ ዑቕባ፡ ጸጋ ሓደራ ዑቕባ፡ ተቐባሪ ሓደራ ዑቕባ ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ እንተተባሂሉ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ መብራሂቱ መንግስትኣብ የሃንስ

---

ብስም ኣልጋሽ ቴድሮስ ሃብተም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00037161 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 186-1 ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ሳሚኤል ከሰተ ገብረሂወት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዛውል ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣልጋሽ ቴድሮስ ሃብተም

---

ወ/ሪት ደሊና ኣብርሃም ገብረየሱስ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን "ፊልያም ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (FIL-IAM DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝተሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ዓብደልከሪም ዓብደልስራጅ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ፋስት ፉድ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኖቫ ፋስት ፉድ" (NOVA SNACK BAR) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝተሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ተኽለ ምሕረትኣብ እምባዬ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044486፡ ASL00044487 ዝኾኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 868-35 ቁ.ገዛ– ዝርከብ ናይ መሸጣ ፓስተን ብሽኮቲን መዓረይን መሸጥን ብሽክሌታን ትካለይ፡ ንወ/ሮ በላይነሽ ብርሃ ክፍሎም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና 179-3 ቁ.ገዛ 04 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ተኽለ ምሕረትኣብ እምባዬ

---

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ቢሻ፡ እዚ ዝስዕብ ብቑዕነን ጥዕናኡ ዝተሓለወን ጽሩፍ ናይ እንቋቑሖ ፍርያት ከቕርቡ ንዘኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

* ተጫረትቲ፡ ትካሎም ብዝምልከቶ ሚኒስትሪ ተፈላጥነትን ምስክርነትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ደረጃ ብቕዓቱን ጥዕንኡን ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ።

*ብዝሕን ዓይነትን ጠለብ ዕድጊ ብመሰረት ትእዛዝ (purchase order) ከም ኣድላይነቱ ክወሰኽ ወይ ክጎድል ይኽእል።

*ተጫረትቲ ንዝሕተት ቀረብ ብጥዕንኡ፡ ብብቕዓቱን ብዝሑን ብዘይ ጎደሎ ከቕርቡ ምኻኖም ፈሊጦም ከቕርቡ ኣለዎም።

*ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ቅቡልን ምስ ሓቀኛ ህሉው ዕዳጋታት ዝሰናኸን ክኸውን ይግባእ።

*ኣብ ግዜ ምጽዓኑ ኣተዓሻሽጋን (PACKING) ኣቀማምጣን ፍርያት ልዑል ቆላሕታን ጥንቃቐን ዝሀቡ ክኾኑ ይግባእ።

* ተጫረትቲ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ዝተሓደሰ ክኸውን ኣለዎ።

*መጫረቲ ፎርም ኣብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ካብ ክፍሊ ዕድጊ ወሰድካ ምምላእ ይከኣል።

ንዚያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢሻ (ኣስመራ) ብምቕራብ ወይ 124941 ብምድዋል ንክፍሊ ዕድጊ ክትወከሱ ትኽእሉ።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ወይ ንረብሓ ትካል ዘይከውን ኮይኑ እንተረኺብዎ በዚ ጨረታ ከምዘይግደድን ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ሕሉው ምኻኑን ክንሕብር ንፈቱ።

ኩባንያ ዕደና ቢሻ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/ምክልኻል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ንዝርከብ ወተሃደራዊ ሆስፒታላትን ኣሕዳሪ ቤት ትምህርትታትን ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ዘድሊ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረን እንቋቑሖን ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2025 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ ) የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ካምፖ ጎደና ደብድብ ዚ.ፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ተሌፎን 187616/209033
4. ምሉእ ሰነድ ጨረታ ብዕሹግ ደብዳበ ብምቕራብ ዕለት 16/09/2026 ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ይበጽሕ፣ ዕለት 18/09/2026 ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ PX ካምፖ ጎደና ደብድብ ዚ.ፕ 178 ቁ.ገዛ ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ይቐርብ።
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንብምሉኡ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል
ጨ/ዕድግን ምቁ/ንብረትን
ቴሌ. 209033/187616

---

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 2፡ ምም/02 ጎደና "ወሎ" ቁ/ገዛ 6 ዝተደኮነ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 102947 መወከሲ ቁ/118159 ብስም ኣቦና ኣፍ/ክፍለዝጊ በራኺ ዘርኡ ዝተመዝገበን ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወርሲ ዘረጋገጽናሉ ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፡ ኦሪጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር።

ኣቶ ሃብተ ክፍለዝጊ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

12 ክፋል

## ጽፈት ስራሕ

*"ንግዜኻ ብግቡእ ዘይምምሕዳርን ምኽኒት ምፍጣርን እቶም ክልተ ምሓር ሕማቕ ልምድታት እዮም።" - **ርበርት ፎስተር ቤትስ***

*"ኣብ ምኽኒት ምፍጣር ንፉዕ ኩይኑ፥ ኣብ ስራሕ ክፉዕ ዝኾነ ሰብ ኩቶ ኣይረኸብኩን እዩ።"*
*- **ቤንጃሚን ፍራንክሊን***

ኣብ ስራሕካን ውልቃዊ ህይወትካን ተደራራቢ ዓወት ከተመዝግብ እንተኸሎካ፥ ንገለ ሰባት ዘይከውሓጠሎም ይኽእል እዩ። ካብኡ ሓሊፎም እውን ክጻብኡኻ ይኽእሉ እዮም። የግዳስ፥ ምስ ከምዚኦም ሰባት ክትተሃላለኽ ክትብል፥ ካብ መንገዲ ዓወትካ ከተንደልህጽ ኣየዋጽኣካን እዩ።

ገለ ቀለም ጸገባት፥ "እቲ ዝበለጸ ሕነ ምፍዳይ፥ ደርማስ ዓወት ምምዝጋብ እዩ።" በሃልቲ እዮም። እዚ ኣብ መሬት ዝወድቕ ምኽሪ ኣይኮነን። ደርማስ ዓወት ከተመዝግብ እንተ ኸኢልካ፥ እቶም ከጥቅዑኻ ዝሕልኑ ሰባት ተሰፋ እናቘረጹ እዮም ዝመጽኡ። እቲ ምንታይሲ፥ ንዓወትካ ብዓይኖም ክርእዩዎን ብኢዶም ክድህሰስዎን እንከለው፥ ምሓር ክበሃርሮም ይኽእል እዩ።

ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፥ ቀጻሊ ብፍጥነት ንቕድሚት ክትውንጨፍ ከም ዘለካ ንጉዳእ ርእስኻ ጸቢቕ ገይርካ ኣእምን። እቶም ተጻባእትኻ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ካብ ድቃሶም ክበራበሩ እንከለው፥ ንፍርያትካን ኣገልግሎትካን ቋሕ ኢሎም ከም ዝርእዩዎ ግበሮም። ብድሕሪ እዚ፥ ምሳኻ ምጽባእ ዘይከኣሎም ምሳኻ ተኻሪኾም ምስራሕ ዝያዳ ከም ዘዋጽኦም ክስወጦም ይኽእል እዩ።

ዕዉታት ሰባት ኣብ ልዕሊ ተጻባእቶም ሕነ ክፈድዩ ክብሉ፥ ዘዩድሊ ጸዓት ኣየባኽኑን እዮም። ንሳቶም ንኹሉ ጸዓቶም፥ ጺጋታቶም ከምኡ እውን ፈጠራውነቶም ኣብ ኩሉ ግዜ - ኣብ ኩሉ ቦታ ንምህላውን ደሚቕ ኣሰር ንምግዳፍን እዮም ዝጥቀምሉ።

እዚ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ንጸዓትካ እተውፍረሉ እዩ። እቲ ኣብ ዝበለጸ መዳይ እተዋፈረ ጸዓት ከኣ፥ ናቱ መኽሰብ ሓዙ ከም ዝመጽእ ኩቶ ዘጠራጥር የብሉን። ብመንጽር'ቲ ንኸንቱ ዝባኸነ ጸዓት እንትርፎ ክሳራ፥ ዋላ ሓንቲ ረብሓ ኣየምጽእን እዩ።

ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደት ኾቓፍቲ ጥራይ እተደህብ፥ ናብ መላእ ዓለም ክተደህብ እዩ ዘዋጽኣካ። ስራሕካ ብኹሉ ኩርናዕ ናብ መላእ ዓለም ከስፋሕፍሕ እንተ ደኣ kኢሉ፥ መዓልታዊ ማእለያ ዘይብሎም ዕድላት ክውሕዙልካ ይኽእሉ እዮም።

ኩሎም ሓያላት ትካላት፥ ሓሳባት፥ ፍርያትን ሰባትን ኣብ ኩሉ ግዜ - ኣብ ኩሉ ቦታ (omnipresent) ዝህልዉ እዮም። ንሳቶም ኣብ ኩሉ ቦታ ክርከቡ ጸገም የብሎምን። ከም ውጽኢቱ ኣብ እቲ ንሳቶም ዝጥፍኡ ዓውዲ ጉብለል ኩይኖም ክወጽኡ ግዜ ኣይወስደሎምን እዩ።

ናይ ብሉጽ ዓወት ቡቲ ዝህልዎ ዕምሪ ክልካዕ ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ፥ ንዋዒሕ እዋን ኣብ ስራሕካ ልዑል ተምሳጦን ተወፋይነትን ክህልወካ እንተ ደሊኻ፥ ንኣብ ኩሉ ግዜ - ኣብ ኩሉ ቦታ ምህላው ቀጻሊ ሸቶኻ ግበሮ።

ስምኻ፥ መለለዩኻ (brand) ከምኡ እውን ዝናኻ እቶም ዝኸበሩ ሃብትኻ ክኾኑ ዝኽእሉ፥ ብዙሓት ሰባት ምስ ዝፈልጥዎምን ምስ ዝጥቀምሉዎምን እዮም። ስምኻን ዕዮኻን እናገዘፈ ብዝመጽእዎ መጠን፥ ተጻባእትኻ ክይተረፉ መልሓሶም እናሓየኹ እዮም ዝመጽኡ።

ዕዉታት ሰባት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ንዘጋጥሞም ጸገም ንምፍታሕ ሰይትን ቀትርን ፋሕተርተር ይብሉ እምበር፥ ኩቶ ንድኽሙቶም ምኽኒት ኣይፈጥሩሎምን እዮም። ምኽኒት ክፈጥሩ እንተ ጀሚሮም ብእኡ ንቡኡ ኣላሽ ኩቡሉ ከም ዝኽእሉ ኩቶ ኣይሰሕትዎን እዮም።

መብዛሕትና ግዱ፥ ምኽኒት ኣብ ምእላም ሰናፋት ኣይኮንናን። ወረግ ገሌናስ ቅድሚ ስራሕ ምጅማርና፥ ኣሸቨሽብ ውድቀት ወይ ፍሽለት ከጋጥመና ከም ዝኽእል ብምሕሳብ፥ ነቕ ዘይብል ምኽኒት ኣብ ምፍጣር ኢና ንዘበዝሐ ጸዓትና እነህልኾ።

ምኽኒት ምፍጣር ናብ ኣእምሮኻ ክቀላቐለካ እንከሎ፥ ኩቶ ዕሸሽ ኣይትበሎ። ፊት ንፊት ገጢምካ ኢኻ ክትስዕሮ ዘለካ። ሎሚ ሽለል ኢልካ እንተ ሓሊፍካዮ ግዱ ካልእ መዓልቲ ተኻሊሉ መጺኡ ክኸትረካ ይኽእል እዩ።



ምኽንያት (excuse) ክንብል እንከለና፥ ንሓደ ነገር ንኽንስርሖ ወይ ንዘይክንስርሖ ቅቡዕ ምኽንያት ኩይኑ ንዘተሰምዓና ምቕራብ እዩ። ገለ ሰባት ንምኽኒት ምስ 'ርትዒ' ዘተኣሳስርዎ ኣለው።

የግዳስ፥ ናብ ክዉንነት እንተ መጺእና፥ ኣብ መንጎ ምኽኒትን ርትዕን ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘሎ። ንኣብነት፥ ናብ ስራሕ ኣብ ሰዓትካ ዘይኣተኻሉ ምኽንያት፥ መጉዓዝያ ስለ ዝሰኣንካ ምዃንካ ንሓላፊኻ ወይ ዓሚልካ ክትነግሮ ትኽእል ትኸውን።

እዚ ግዱ ብሓላፊኻ ወይ ዓሚልካ ከም ቅቡል ምኽንያት ዘይክውሰድ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፥ ሓላፊኻ ንሕጽረት መጉዓዝያ ኣቐዲሙ ኣብ ግምት ብምእታው፥ ዝሓሸ ኣማራጺ ተጠቒሙ ኣብ ሰዓቱ ኣትዩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ፥ ኣንጊሁ ካብ ገዛኡ ተበጊሱ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ምኽኒት ምፍጣር ንሓደ ነገር ንኽትሰርሖ ወይ ክትሕሰሞ ኩቶ ርትዒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ምእንቲ ንጉዳእ ርእስኻ ብዘሰርሓቶ ወይ ዝጠኾራቶ ጸቡቕ ንኽስምዓ፥ ንጭብጥታት ከሊስካ ከተቕርቦ እንከለኻ ዝኽሰት ጉዳይ እዩ።

ጆርጅ ዋሽንግተን ካርቨር፥ "ቴስዓን ትሽዓተን ሚእታዊት ካብ ፍሽለታት፥ ካብ እቶም ናይ ምምኽናይ ልምዲ ዘለዎም ሰባት እዩ ዝመጽእ።" ኢሉ ነይሩ። እዚ ወጹእ ሓቂ እዩ፥ ፍሽለትን ምኽኒትን ወትሩ ኣድ ንኢድ ተተሓሒዘን እየን ዝኸዳ።

## ፈጠራ ምኽኒት

ምኽኒት ምፍጣር ንህሉው ኩነታትካ ኣይልውጦን እዩ። ናብ እቲ ሓቐኛ ኩነታት ብትብዖት ምስ እትኣቱ ጥራይ ኢኻ፥ ንኩነታትካ ናይ ብሉጽ ክትልውጦ እትኽእል።

ምኽኒት ኣብ እቶም ንሓለፍቲ ገዛእ ርእሶም ካብ ምውሳድ ዘድሓርሕሩ ድኹማት ሰባት ጥራይ እያ ባይታ እትረኽብ። ድኹማትን ሃኪያትን ሰባት ምኽኒት ኣብ ምፍጣር መወዳድርቲ ኣልቦ እዮም። ከም ሳዕቤኑ፥ ኣብ ክንዲ ፋሕተርተር ኢሎም ህይወቶም ክምርሑ ዝሀቅኑ፥ ኢድ ናይ ሰብ እናረኣዩ ንምድረ ሰማይ የዕርብዎ።

ሄንሪ ዋርድ ቢቸር፥ "ካብ ካልኦት ሰባት ዝጸበዩኻ ንላዕሊ፥ ንገዛእ ርእስኻ ኣብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ከተሕትራ ከም ዘለካ ሓላፍነት ወሲድ። ኩቶ ምኽኒት ክትፈጥር የብልካን።" ኢሉ ነይሩ። እወ ካብ ትጸበ.ት ሰባት ንላዕሊ ኣብ ጥርዚ ዓወት ክትሓኩር እንተ ኸኢልካ፥ ብሰሩ ምኽኒት ምፍጣር ኣየድልየካን እዩ።

እቲ ፈለማ ብዘዕባ ምኽኒት ክትፈልጦ ዘለካ፥ ምኽኒት ንህሉው ኩነታትካ ኩቶ ክልውጦ ዘይክእል ምዃኑ እዩ። እቲ ካልኣይ ብዛዕባ ምኽኒት ክትፈልጦ ዘለካ፥ ሓንሳእ ከም ወልፊ እንተ ለሚድካዮ፥ ብስሩዕ ክትጥቀመሉ ስለ እትኽእል እዩ።

ኣነ ሓደ ካብ እቶም ናይ ምኽኒት ሰባት ክኸውን እኽእል እዩ። ኣነ እንተ ዘይኮይነ፥ ኣብ ከባቢየይ ብዙሓት ናይ ምኽኒት ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ክንዲ ዝኾኑ፥ ምኽኒት እቲ ቀጻሊ ዘኘንፈና ጉዳይ ምኻኑ፥ ኣሉ ክንብሎ ምሓር ኣጺጋሚ እዩ።

ገለ ካብ እቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወትና እንሰምዖም ምኽኒታት፥ '... እኹል ገንዘብ የብለይን፥ ቁልዑ ኣለዉኒ፥ ቁልዑ የብለይን፥ ኣነ ብዓል ሓዳር እየ፥ ኣነ ብዓል ሓዳር ኣይኮንኩን፥ ቅድም ቀዳድም ኣብ ህይወተይ ሚዛን ክረኽብ ኣሎኒ፥ ልዕሊ ዓቕመይ እየ ዝሃልኽ ዘለኹ፥ ዕድል ስራሕ ክረኽብ ኣይከኣልኩን፥ ኣብ እቲ ንዓይ ዘሎ ሞያ ማእለያ ዘይብሎም ተወዳደርቲ እዮም ዘለው፥ ክሕግዘኒ ዝኽእል ናይ ቀረባ ዘመድ የብለይን፥ ናይ ቀረባ ሓላፍየይ ቀንዲ ተጻባእየይ እዩ ...

'... ምንባብ መጽሓፍቲ ኣይብዓልቲ ለይተይን እየ፥ ከጽንዕ እኹል ግዜ የብለይን፥ ገዛእ ርእሰይ ክፈቅድ ግዜ የብለይን፥ ኣብ ንግዲ ዓለም ክድምዕ ኣይክእልን እየ፥ ዓማዊል ኣይከኑሉይን እዮም፥ ሰብ ሓቂ ኣይሃዮኩንን እዮም፥ ዓለም ብዓለማ ሕማቕ እያ ዘላ፥ ድርኺት ዘለዎ ሰብ ኣየጓንፈንን እዩ፥ ሰባት ሕማቕ ኣመለኻኽታ እዮም ዘጥርዩ ዘለው፥ ኣብ ቃሉ ዝጸንዕ ሰብ ክትረክብ ምሓር ኣጺጋሚ እዩ፥ ጌጋታተይም ናባኻ እዮም ዝልጥፍዎ፥ ሰልክዩኒ እዩ፥ ምዝናይ ወይ መገሻ የድልየኒ ኣሎ፥ ምሳይ ዝሰርሑ ሰባት ጠፋሽት እዮም፥ ግዲይ ቅዝዝት ኩይነ ኣለኹ፥ ሓሚመ ኣለኹ፥ ኣደይ ሓሚማትኒ ኣላ፥ እዚ ብ ከባቢየይ ዘሎ ዘይቅዱስ ውድድር ከሰርሓኒ ኣይክእልን እዩ፥ ዕድለይ ዘበለ ኹሉ ሕማቕ እዩ ...' ዝብሉ ይርከቡዎም።

ከምዚኦም ዓይነት ምኽኒታት ዋላ እንተ ኹመርካዮም፥ ንህይወትካ ኩቶ ከማሓይሽዎ ኣይክእሉን እዮም። ስለምንታይ ደኣ እዮም ብዙሓት ሰባት ቀጻሊ ምኽኒት ክኣልሙ ዝሰምዑ፧

ምኽኒት ምቕራብ፥ ምጥምማዝ ክውንነት እዩ። ምኽኒት ናብ ዝሓሸ ህይወት ኣየሰጋግረካን እዩ። "ዕድለይ ሕማቕ እዩ።" ምባል ንህይወትካ ኣየማሓይሾን እዩ። ንዕድልካ እውን ኣይልውጦን እዩ። ብመንጽሩ እኳ ደኣ፥ ቀጻሊ ብሕማቕ ዕድልካ ተመኺኻ እንተ ደኣ ኼንካ፥ ሕማቕ ዕድል ኪጋጥመካ ከም ወህብ እናተቐበልካዮ ኢኻ እትመጽእ። በዚ ኹሉ ነገራት እናብኣሱ ከም ዝኸዱ ከተረጋግጽ ትጅምር።

ዕዉታት ሰባት ምኽኒት ክኣልሙ ኣይህንደዱን እዮም። ንሳቶም ንፍሽለት ከም መማሃሪ እዮም ዝጥቀምሉ። ክንዲ ዝኾኑ፥ ንፍሽለቶም ንምኽዋል ናብ ምኽኒት ምፍጣር ኣይጥምዘዙን እዮም።

ዕዉታት ሰባት ባዕሎም ዕድላት ይፈጥሩ እምበር፥ ዕድል ስለ ዘይረኸቡ ምጉን ኣይብሉን እዮም። ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፥ "ዝኾነ ነገር ኣየጋጥመካን እዩ። ብሳላኻ ወይ ብሰንክኻ እዩ ዘጋጥም።" በሃልቲ እዮም። ከም እዚ ዓይነት ርእሰ ተኣማንነት ክተጥሪ እንተ ደኣ ኸኢልካ፥ ናብ ምኽኒት ገጽካ ኣይትጽጋዕን ኢኻ።

ንዓኻ ዕዉት ክኸውን ዝኽእል ምኽኒት ኩቶ የለን። ሓደ ሰብ ምኽኒት ክጠቕዕ እንተ ተዓዚብካዮ፥ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓላፍነት ክስከም ትብዓት ከም ዘይብሉ ብቐሊሉ ክትፈልጦ ትኽእል ኢኻ።

"ንዓይ ዓማዊል ኣይከኑሉይን እዮም።" እናበልካ ምኽኒት ካብ ምቕራብ ተቖጠብ። ዓማዊል ዘይከኑልካ ደኣ ኹይናም፥ ገለ ጸገም ስለ ዘለካ ምኻኑ ክስወጠካ ኣለዎ። ዓማዊል ከም ዘይከኑልካ ገይርካ ተመኺኻ እንተ ሃሊኻ፥ ንጸገምካ ሓላፍነት ክትወስደሉ ድሉው የለኻን ማለት እዩ። ከም ሳዕቤኑ፥ ጸገምካ ክትፈትሖ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ካብ ምኽኒት ሓራ ዝኾኑ ሰባት፥ ምሓር ሒደት ጥራይ እዮም። ክንዲ ዝኾኑ እዮም እምበኣር፥ ዓለምና ብሒደት ዕዉታት ሰባት እናተባሕተት ትመጽእ ዘላ።

ንዓወት ከም ግቡእካን ሓላፍነትካን እምበር፥ ከም ኣማራጺ ክትወስዶ የብልካን። እቲ ንዓወት ከም ግቡኡ ዝወስድ ሰብ፥ ናብ ጥቓ ምኽኒት ገጹ ኣይቀርብን እዩ። ምኽኒት እኮ ጨበጣ እዩ ዝቖትለካ።

ካብ ምኽኒት ሓራ ክትከውን እንተ ኸኢልካ፥ ካልኦት ሰባት እውን ካብ ምኽኒት ሓራ ንክኾኑ ብዘተኻእለካ መጠን ክትተሓጋገዞም ጸቢቕ እዩ። ዝሰናይ ተግባር ብኣባላት ስድራ ቤትካ፥ መሳርሕትኻ፥ ጉረባብትኻ ... ክትጅምሮ ትኽእል ኢኻ።



*"መብዛሕትኡ ግዜ ምኽኒት ምፍጣር፥ ነቲ ጌጋ ናብ ዝኸፍአ እዩ ዘሰጋግሮ።" - **ዊልያም ሼክስፒር***

*"ካብ ሕማቕ ምኽኒት ክትፈጥር፥ ብሰሩ ዘይምምኽናይ ይምረጽ።"*
*- **ጆርጅ ዋሽንግተን***

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

12 መጋቢት 2012
11 : 56 ድ.ቐ.

## ግደፆ ክመልስ ብሂገ



ፍርቂ ሰዓት ደንጕየ ብምንባረይ ተብተብ እናበልኩ ንስራሕ እኸይድ ነይረ። ሎሚ እታ ወትሩ ስርሐይ እናሸፈነት እትሕግዘኒ መሳርሕተይ ደንጕያ ክትመጽእ ስለ እትኽእል ቀልጢፈ ክኣቱ'ዩ ነይሩ ሓሳበይ። ነፊዐ ተባሂለ ቀዲመያ ዝኣተኹላ መዓልቲ የላን። ትዕግስታን ዓቕላን ፈጽሙ ዓቕላ ኣይጽበበላን። ኣነ'ውን ብዙሕ ግዜ ዕጉስ'የ። ግን ዕጉስ ምዃነይ ዓቕለይ ዘጽብበለይ ግዜ ኣሎ። ሓደ ዓይነት ባህሪ ሒዘ ክሳዕ መኣስ ከም ዝኸይድ ኣይፈልጥን። ሳሕቲ ጽቡቕ መዓልቲ ኲይኑለይ ክስሕቕ፡ ክላገጽ፡ ክደጓዶጕ፡ ክዋዘን ዓቢ ቍምነገራት ክዛረብን ዝውዕለሉ ግዜ ኣሎ። ነዚኣን መዓልታት ኣብ ዓመት ሓንሳእ ከም ንግደት'የ ዝረኽበን። ኵሉ ሳዕ ከምኡ ዘይከውን እብል'የ። ግና ንሱ'ውን ሓደ መዓልቲ ዓቕለይ የጽብበለይ'ዩ። እዛ መስራሕተይ ሓድሽ ነገር ክትፈልጥ ኣይትደልን እያ። ምናልባት እቲ ስቕ ምባላ ንኣኣ ውሸጣ ይበልዓ ይህሉ ይኸውን። ኣነን ካልኦት መሳርሕተይን ግን ኣዝያ ዕግስቲ ጓል እዝግሄር ኰይናና'ያ ትስምዓና። ንኣይ'ውን ገለኦም ከምዚ ቍምነገረኛ ገይሮም ዝወስዱኒ ኣለው። ክላገጽን ፎኽ ስከ ስን ክብል ምስ ርኣዩኒ ይገርሞም። እንተ ክኢለዮ ከም ኵሉ ክኸውን'የ ዝደሊ።

ሎሚ ንግሆ ምስ ተንሳእኩ ንምስጋና'ኳ ግዜ ኣይሃብኩን፡ ብድድ ኢለ። ምስ ተበራበርኩ ቀልጢፈ ካብ ዓራት ኣይወርድን'የ። ከም ሎሚ ቀልጢፈ ዓራተይ ዝተኣለኹላ መዓልቲ የላን። ክሳብ ኣብ ጥቓ ስራሕና ዝበጽሕ፡ ከም ቀደም ብዙሕ ኣይሓሰብኩን። ስራሕ ኣትየ እንታይ ከም ዝገብር ወዲአዮ'የ ሓዲረ። በቲ ኣብ ትርኢተይ ዝኣተወ ነገራት እናተዘናጋዕኩ ኣብኡ በጺሐ። ናብ ስራሕና እተእቱ ናይ መወዳእታ ኣንጎሎ ጥውይ ምስ በልኩ፡ ንመጽለሊ ዋርድያና'የ ዝርኢ። ክሳብ ኣብ ኣፍደገ ዝበጽሕ ከኣ ኣድህቦይ ንሳ ትኸውን። ሎሚ ሃንደበት ንጸጋም ጠሚተ። እዛ መሳርሕተይ ኣብ ናይ 'ፓርኪን' ማሽራቤዲ ምስ ኣቦኣ ኣሳፊሓ ኮፍ ኢላ። ስጉምተይ ሃዲኡ፣ መኣስ ደው ኢለ'ውን ኣየስተውዓልኩዎን። ኣቦኣ ንኹሎም ደቁ ኣመና እዩ ዘፍቅሮም። ኣቦይ'ውን ከምኡ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ዓራት ጥንቅሊዒት ደቂሱ፡ ኣብ ክልተ ኣእጋሩ ኮፍ ኣቢሉ፡ ሰለል እናኣበለ ከጻውተኒ እንከሎ፣ ብኽልተ ኣእዳወይ ንሰማይ ገጸይ ሰፍሲፉ፡ ኣንቃዕሪሩ፡ ብልዕለይ ጸሓይ ብትሕተይ ፍሽኽታኡ እናኣመቑኒ ክጻወት፣ ናብ ኦፊሱ ከይደ ዝሰትየላ ዝነበርኩ ኩባያን ብሽኮቲ ኖርወይን፣ ... ኵሉ ናይ ቍልዕነተይ ዝኽሪ ከይተረፈ'የ ዝዝክሮ። ፍቕሪ ደቁ ዘይወጽኣሉ ኣቦ'ዩ ነይሩ። ቀዲምናዮ ተደሪርና እንተ ደቂስና፡ በይኑ ክበልዕ ኣይክእልን። ንኸሳትና ኣተንሲኡ ካልኣይ የድርረና። ከም ኣዕሩኽቱን መሳታኡን ብስሙ'ምበር ባባ፡ ኣቦ ወይ ኣያይ እናበልና ክንጽውዖ ኣይፈቱን። ንሕና ክንዲ ኣሕዋቱ፡ ንሱ ከኣ ክንዲ ኣቦናን ሓው-ኣቦናን ነይሩ። ኣነ ምናልባት ቀኑዕ፡ ለጋስ፡ ፈታዊ ሓጉስ፡ ፈታዊ ድኻ፡ ፈታው ጕርቤቱን ሰድራኡን እንተ ኰይነ ካብኡ ዘወረስኩዎ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ግዜ ትምህርትና ናብ ቤት ትምህርቲ እናመጽአ ይረኽበናን ኵነታትናን ይከታተል ነይሩ። ሎሚ ከኣ ኣብ ስርሐይ መጺኡ ክርእየኒ'ሞ፡ እታ ኣብ ኦፊሱ እናኸድኩ ዝጋበዛ ዝነበርኩ ሻሂ ዓጸፋ ገይራ ክመልሳ ብሂገ። እቶም ብፍቕሪ ኲስኲሱ ዘዕበዮም ደቁ ኣበይ በጺሖም ከም ዘለው ክርኢ ተመንየሉ።

ምቁር፡ ሕንቁቕን ፈቃርን ዝኽሩ ኵሉ ሳዕ ኣብ ዙርያይ እዩ። ዘሎ'ምበር ዝተፈልየ ኣይመስለንን። ከምኡ ግዲ ኰይኑ፡ ዝበዝሐ ግዜ ዘሎ ይመስለኒ። ገና ኢደይ ኣይሃብኩን። እዛ መሳርሕተይ ናይ ኣቦይ ከዕልላ ሓሲበ። ከዕልላ እንከለኹ ግን እቲ ኣብ ኢዳ ዘሎ ሃብቲ ይርኣያ እንተ ኰይኑ ክፈልጥ ኢለ'የ። ግን ንሳ'ውን በቲ ዕላለይ ንኣይ'ያ ክትርእየኒ ክትሓስብ። ብዛዕባ ኣቦይን ናፍቖቱን ክሓስብ ከይተፈለጠኒ ቀው ኢለ'የ ዝርእዮም ነይረ። ዓይነይ'ዩ ኣብኦም ነይሩ'ምበር ቀልበይሲ ተሸሪቡ'ዩ።

ኢዳ ኣወዛዊዛ ሰላም ዝበለትኒ መሲሉኒ ሰንቢደ። ግና ኣብ ጸጕሪ ኣቦኣ ገፊል ግዲ ነይሩ ትነግፈሉ'ያ ነይራ። ስምዒተይ ክጻወሮ ኣይክኣልኩን። ወዲቐ ኣተንሲኡ ሓመደይ ዝነገፈለይ፣ ለዚየን ነፊጠን ዝጸረገለይ፣ ይኽፋእ ይጸብቐ፡ ይንፋዕ ይሕመቕ ብዘየገድስ፡ ዝሓለወንን ዘፍቀረንን ግደይ ዘይገብርኩሉ ኣሕሲቡኒ። ዝጀምርኩዎ ሓሳብ ክምልእ እናደለኹ ናብ ስራሕ ኣትየ። ካብ ተመዛዚ ስእሊ ኣቦይ ኣውጺአ ስዕም ኣቢለዮ፣ ምስ እንቅዓ ናፍቖት።

ያሬድ ብርሃነ

## ፌውሰዖ ዳየሪዖ

10 ሓምለ 2026



ሓባእ ቍስሉ ሓባእ ፈውሱ እንድዩ፣ ቍስለይ ሓቢአ ከም ዘይሓዊ፡ እቲ ብገርህይ ዘጥረኹዎ ድዩ ዋላስ ጥበብ ኣተዓባብያ ወለደይ ኣይፈልጥን፡ ግና ተረዲኡኒ'ዩ። ቍስሊ ኣካል፡ ንፋስን ጸሓይን ረኺቡ'ኳ ይነቕጸልካ፣ ሰብ ከይርእየልካ ኢልካ'ኳ ቀልጢፍካ ትፍውሶ። ቍስሊ ውሽጢ፡ ቍስሊ ስምዒታት ብፍላይ፡ ቀልጢፉ ክፍወስ ዘሎዎ ግና ከኣ ከምኡ ዘይመስለና እዩ። ስለዝኾነ'የ ምስ ቃንዛይ ዘየሕድር፡ ስለዝኾነ'የ ዝተሰምዓንን ዘወዓልኩዎን ዝነግር።

ምስ ሕሙም ኩብደይ ኣይሓድርን። ሓማቕ ነገሩ ተዋህላሊ'ዩ፣ መወዳእታኡ ጽቡቕካ ሒዙ'ዩ ዝዕዘር። ባዶ የትርፈካ። ንሳኻ ትደቅቕ፡ ቍስልኻ ካባኻ ይዓቢ። ስለዝኾነ'የ ከኣ ምሳኺ ምዕላል ዘይብኰር ፍትውቲ ዳየረይ ...።

ብሌን ግርማይ

22 ሕዳር 2014 - ኣስመራ

## 16 ዓመት ብዘዖ ካቦ...

ትማሊ ኣቦይ መን ምዃኑ ኣብ 16 ዓመተይ ከም ዝፈለጥኩ ነጊረኪ'የ። ብዓይነይ ንኽርእዮ ነታ ለይቲ ከም ዘይሓድር ኣዕሊለኪ። ግን ሓዲረ፣ ኣይተሓደር ሓዲረ። ኣንጊሀ ንሃናእ ጸውዕያ። ልክዕ ከም ትማሊ ምሸት እናላህለሀት መጺኣ። "ሕጂኸ እንታይ ተረኺቡ፡ " ኢላ ክትሰምዓኒ ተዳልያ። ትማሊ ስምን ኣድራሻን ኣቦይ ከም ዝተዋሃብኩ ነጊረያ። ተሓጕሳ! ኣነ ከኣ መሊሰ ተሓጕሰ። ኣቦይ ዘለዎ ቦታ ርሑቕ ኣይኰነን። ባዕለይ ከይደ እንተ ዘይረኺበዮ ባዕሉ ዝመጽኣኒ ኣይኰነን። ገዛና'ውን ኣይከፍቅዳለይን እየን። ኰይኑ ተሪፉ ባዕለይ ምኻድ'ዩ። መሊቔ ክኸይድ'የ ሓሲበ። ሃናእ ምሳይ ክትካየደኒ ምእንታን ከዕልላ መሪጸ። ግን ሓሳበይ ስቕ ኢላ ሰሚዓ ምኽሪ ምሃብ ኣብያትኒ።

"ኵሉ ካብ ዝተጸበኺዮ ስለ ዘይነውሕ፡ ንእዋኑ ዓቕሊ ግበሪ። ጽቡቕ ገይርኪ ሓበሬታ ኣክቢ። እንተ ክኢልኪ ባዕለን ከም ዝወስዳኺ ክትገብሪ ዘይትፍትኒ፡" ኢላትኒ። ምዃን ሓቃ! 16 ዓመታት ብዘይ ኣቦ ምጽናሕ እንታይ ክገብረካ ከም ዝኽእል ኣይትፈልጥን እያ። ተዛሪበ ከረድኣ ኣይክእል'የ። ንሳ'ውን በቲ ትብሎ ዘላ ተዛሪባ ከተስምዓኒ ኣይኰነትን። ሓሳባ ከኣ ተረዲኡኒ ኣሎ። ከተካይደኒ ኣይደለየትን፣ ፍሉጥ'ዩ። ንስምዒተይን ሓሳበይን እዝኒ ምሃብ ኣብያቶም። ኣማን "ምጽእኒ!" እንተ ዝብላ ግን ብጎቦ ከረውርወ እናበለት፡ ብገዛኦም ከይሓሰበት ከም እትኸዶ እፈልጥ እየ። በዝን ወዲ ከምዝን ዝታረፍ እንተ ኰይነ ከኣ ኵሎም ክርእዩኒ እዮም። ስምዒተይ ዓሚተን ኳዕጺጸን ከም በጊዕ ብዝበላኒ ተጕሲሰ ከም ዘይከይድ ይፈልጣ እየን። ከም በጊዕ ትም እንተ ዝብልዶ ኣቦይ መን ምዃኑ መን ምንገረኒ ነይሩ። ሕጂ'ውን እታ መፍትሕ ኣብ ኢደይ እያ ዘላ።



ኣንቲ ዳየረይ! ኣቦይ ብህይወት እንከሎ፡ እሞ ከኣ ዘይረሓቐ! ብሓቂ ጨካን'ዩ። ጽባሕ ከይደ ሰላም ዝብሎ ከይመስለኒ። እንታይ ከም ዘመስል ጥራይ'የ ክርእዮ። በቃ! ነዛ ዓይነይ ምርኣይ ጥራይ'ምበር ካልእ ኣይደልን። ናይዘን ገዛ ከኣ ይገርመኒ'ዩ ዘሎ። እንተ ወሰዳኒስ እንታይ ይሓንቀን፧ ኡፍ...! በስ ንሕጂ ይእከለኒ... ጽባሕ እንታይ ይመስል ኣቦይ ብሓደ ንርእዮ።

25 ሕዳር 2010

በየን ከም ዝጅምረልኪ'ኳ ሕውስውስ ኢሉኒ። ከም ፈኸራይ ኣንጊሀ ካብ ገዛ ወጺአ። ሃናእ ድምጺ ካንሸሎና ግዲ ሰሚዓ ምሳይ ወጺኣ።

"ኣብዛ ፍልይቲ መዓልቲ ናይ ህይወትኪ ግድን ክህሉ ኣሎኒ ኢለ ሓሲበ። ንማማ ኣምሒለ ናበይ ከም እንኸይድ ነጊረያ። ምዕይዕይ እናበለት ኣፍቂዳትለይ። እንተ ክእልና ምሸት ንመለስ። ሕራይዶ፧" ምስ በለትኒ ተሓጕሰ ሓቝፈ'ያ። ቀልጢፍና ከኣ ካብ ኣፍደገና ርሒቕና። ናይ ኣቦይ ገዛ ከይተሸገርና ረኺብናዮ። ኣነ ንሱ ክፈልጠኒ ከም ዘይደሊ ትፈልጢ ኢኺ። ከለልየኒ ስለ ዘይክእል ክወጽእ ወይ ክኣቱ ክንርእዮ ኣብ ኣፍደገ ክንጽበ ሓሲበ። ሰብ ክኣቱን ክወጽእን ውዒሉ፣ ግን ዝኣተወን ዝወጽኣን ሰብኣይ ኣይነበረን። ነዊሕ ተጸቢና። ካብታ ፊትና ዝነበረት ድኳን ሓደ ሰብኣይ ናባና ገጹ መጺኡ። ሃናእ ክትቀንጥወኒ ጀሚራ። "ኣቦኺ'ዩ...!" ደጋጊማ ኣሕሸኾሺኻ። ቍመት ገዲፍካ ኵሉ ነገሩ ንኣይ ይመስል። ኣነ'ውን 'ኣቦይ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ፡' ኢለ ኣይሓሰብኩን። ኣትኩሩ ጠሚትኒ፣ ንሃናእ'ውን ከምኡ። ኣዕሚቑ ኣስተንፊሱ። ብስመይ ጸዊዑኒ! ሰንቢደ!

"ድሕሪ ሕጂ ናብዚ ገጽኪ ኣይትምጽኢ። ስለምንታይ ምስ ኣኽልኪ ክትፈልጥዮ ኢኺ። ኣብ ግዜኡ ኣነ ክመጽኣኪ'የ...፡" ሕቑኡ ሂቡና ከይዱ። ክሳብ ገዛና ንበጽሕ ኣይተፈለጠንን። ብኽይ ውዒለ። እንታይ ከም ዝብል'ውን ጠፊኡኒ ኣሎ።

ፌሩዝ - ኣስመራ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ ንየማን የጠንቅቕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እታ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኢራንን ዕርቂ ንምውራድ ክትሰርሕ ዝጸንሐት የማን ተቓራኒ መርገጺ እንተ ደኣ ሒዛ ክድብደባ ምዃኑ መጠንቀቕታ ከም ዝሃበ ፎክስ ኒውስ ጸብጺቡ።

ኣመሪካን የማንን ቡበይኖን ምስ ኢራን ብምዝርራብ እቲ ንዓለማዊ ቁጠባ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ መጽበብ ሆርሙዝ ዳግማይ ንክኽፈት ክጽዕራ ምጽንሐን'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

መጽበብ ሆርሙዝ ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ካብ ዝውላዕ ጀሚሩ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዳርጋ ተዓጽዩ ከም ዘሎ'ዩ ዝንገረሉ።

ሰበ ስልጣን ኢራን ኣቐዲሞም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ብቑዳይ እቲ መጽበብ ምስ የማን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ከም ዝተቓረቡ ሓቢሮም ምንባሮም ዝዘከር እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣመሪካን ኢራንን ዝተሰማምዓሉ ን60 መዓልታት ዝጸንሐ መረዳድኢ ሰዉ ኣብቂዑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ መጻኢ ኣንፈት ናይቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ምትፍናን ንጹር ከም ዘይኮነ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መጽበብ ሆርሙዝ ኣስታት ሓደ ሕምሲት ናይ ዓለምና ነዳዲን ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ዝሓልፈሉ ስትራተጂያዊ ማያዊ መስመር ኮይኑ፡ ካብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ኣትሒዙ ቀንዲ ኣዛራቢ ዛዕባ ሃገራት ዓለም ኮይኑ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

የማን ብደብባዊ ሸነኽ ናይቲ መጽበብ እትርከብ ሃገር ኮይና፡ ኣብ'ዚ ግጭት ዘይሻራዊ መርገጺ ከም ዝሓዘት እያ ትገልጽ።

ይኹን እምበር፡ ካብ ኢራን ብርኽት ዝበሉ መጥቃዕትታት ከም እተፈጸማ ሕጂ ደማ ኑቲ ማያዊ መስመር ዳግማይ ንምኽፋት ምስ ኢራን ኣብ ዝግበር ልዙብ ልዑል ተራ ትጻወት ከም ዘላን ይሕበር።



## እስራኤል፡ ንመደበር ሓይሊ ኣየር ሶርያ ትድብድብ

እስራኤል፡ ትማሊ ሰሉስ ኣጋ ምሸት ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ሶርያ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መደበር ሓይሊ ኣየር 'ኣቡ ኣል ዱሁር' ደብዳብ ከም ዝፈጸመት፡ ኣገልግሎት ዜና ሶርያ 'ኢክባርያ' ንወተሃደራዊ ምንጪታት ብምጥቃስ ገሊጹ።

ብመሰረት ሓበሬታ ናይ'ቶም ምንጪታት፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ክሳራ የለን።

ሰራዊት እስራኤል ኮነ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሶርያ'ውን ነቲ መጥቃዕቲ ብዝምልከት ርእይቶ ካብ ምሃብ ተቖጢቦም ኣለዉ።



እዚ ካብ ዶብ ቱርኪ ኣስታት 70 ኪ.ሜ ርሒቑ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር፡ ካብ 2013 ኣትሒዙ ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ከም ዘይጸንሐ'ዩ ዝንገረሉ።

መራሒ ሶርያ ባሻር ኣል ኣሳድ ኣብ መወዳእታ 2024 ካብ ስልጣኑ ካብ ዝኣለ ንደሓር፡ እቲ መደበር ማእከል ስልጠና ሰራዊት ሶርያ ኮይኑ የገልግል ከም ዘሎ፡ እቲ ምንጪ የመልክት።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ቱርኪን ዘለዓለ ጸጥታዊ ወጥሪ ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን'ዩ ተፈጺሙ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቱርኪ ሃካን ፊዳን ብ16 ነሓሰ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሶርያ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ብምፍጻም ንጸጥታኣ ኣብ ሓደጋ ተእትዎ ከም ዘላ ብምሕባር፡ ንግዝኣታዊ ሓድነት ናይታ ሃገር ክተኽብር ጸቒጢ ክግበረላ ጸዊዑ።

## ናይጀርያ - 24 ሰባት ብዕጡቓት ተቐቲሎም

ኣብ ማእከላይ ክፋል ናይጀርያ ኣብ እትርከብ ኣውራጃ ፕላተው፡ ብረትን ጎዝሞን ዝሓዙ ዕጡቓት ልዕሊ 24 ሰባት ከም ዝቐተሉ፡ ካብ'ቲ መጥቃዕቲ ዝደሓኑ ሰባት ሓቢሮም።

ኣብ ናይጀርያ፡ መሬትን ካልእ ጸጋታትን ንምቁጽጻር፡ ኣብ መንጎ ተኸተልቲ ዝተፈላለየ እምነታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ግጭት ክካየድ ምጽንሑ ይሕበር።

ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ግን ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ንዘቕረበሉ ሕቶ ኣመልኪቱ ርእይቶ ይኹን መልሲ ኣይሃበን ዘሎ።

ኣብ ማእከላይ ክፋል ናይጀርያ፡ ሓረስቶትን ጓሶትን ዝጥቀሙሉ መሬት ብሰንኪ ለውጢ ክሊማን ምብዛሕ ቁጽሪ ነባሪን ጠንቂ ዘይምርግጋእ ኮይኑ ከም ዘሎ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ከምኡ'ውን ዋሕዚ ኣኽረርቲ ሃይማኖታውያን ናብ'ታ ኣውራጃ፡ ነቲ ዝጸንሐ ምፍልላይን ምትፍናን መሊሱ ኣብኢሱዎ ከም ዝርከብ ተዓዛብቲ የረድኡ።



## ኣመሪካ - ተቐባልነት ፕረዚደንት ትራምፕ ይንኪ

መጠን ህዝባዊ ተቐባልነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ናብ 33 ሚእታዊት ከም ዝወረደ፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝተኻየደ ገምጋም ኣመልኪቱ።

ኣብ'ቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለን ትማሊ ሰኑይ ዝተዛዘመን ገምጋም ካብ ዝተሳተፉ ሰባት፡ 33 ሚእታዊት ጥራይ ትራምፕ ንኣመሪካ ክመርሕ ከም ዝቕበልዎ ክገልጹ እንከለዉ፡ 64 ሚእታዊት ድማ ከም ዘይቕበልዎ ሓቢሮም።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ገምጋም 35 ሚእታዊት ዝበጽሐ ተቐባልነት ናይ'ቲ ፕረዚደንት፡ ሕጂ ግን ተቐባልነቱ ካብ ዝኾነ ካልእ እዋን ንላዕሊ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ዝወረደ፡ እዚ ሓድሽ ገምጋም የጽርር።

ውጽኢት ናይ'ዚ ሓድሽ ገምጋም ዝተዘርግሐ፡ ኣቐዲሙ ብመንግስታት ኣመሪካን ኢራንን ዝተበጽሐ ናይ 60 መዓልታት ናይ ዝርርብ ግዜ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዘብቅዓሉ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዛጊት ዘላቒ ስምምዕ ሰላም ንምኽታም ዝኾነ ምዕባለ ከም ዘይተራእየ ይግለጽ።



## ሩስያ፡ ጃፓን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ከተተኩር ጸዊዓ

ጃፓን፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ናይ ቃላት መጥቃዕቲ ካብ ምፍጻም ተቖጢባ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ከተተኩር፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ጻውዒት ከም ዘቕረበ ተሓቢሩ።

ላቭሮቭ ነቲ ጻውዒት ዘቕረበ፡ ጃፓን ንዑደት ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ኣከራኻሪት ደሴት 'ኢቱሩፕ' ኣመልኪታ ድሕሪ ዝሃበቶ ናይ ተቓውሞ መግለጺ እዩ።

ካብ ደሴታት ደቡባዊ ኩሪልስ ብስፍሓት መሬታ እትፍለጥ ደሴት ኢቱሩፕ፡ ንዋንነታ ብዝምልከት ሩሲያን ጃፓንን ኣብ ክርክር ከም ዘርከባ ይንገር።

ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ 13 ነሓሰ ንፈለማ እዋን ኣብ'ታ ኣከራኻሪት ደሴት ዑደት ከም ዘካየደ ኑቲ ዑደት ሰዒቡ ድማ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳናይ ታካይቺ ንተግባራት ፑቲን ብትሪ ከም ዝኾነኑዎን'ዩ ዝግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ንኣምባሳደር ጃፓን ኣብ ሞስኮ ኣኪራ ሙቶ ጸዊዑ ከዘራርቦ እኳ እንተ ፈተነ እቲ ኣምባሳደር ግን ብምኽንያት ጥዕና ናብ'ቲ ሚኒስትሪ ክቐርብ ከም ዘይከኣለ'ያ ሩሲያ ትሕብር።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣምባሳደር ኣብ ቀረባ እዋን ናብቲ ሚኒስትሪ ክቐርብ ከም ዝኽእል፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ ሓቢራ'ላ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጃልያ | 19/8/26 | ጎደና ሰገኦይቲ ቁ.84፡ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565